

# እንጌራ ህይወት

ኢየሱስ ብሎም፡ እንጌራ ህይወት ኣነ እየ።
ናባይ ዝመጽእ ኣይጠምን፡
ብኣይ ዝኣምን ከኣ ከቶ ኣይጸምእን ኢዩ
(ዮሃ 6:35)

15

# ትሕዝቶ

| | | | |
|---|---|---|---|
| ኣገልጋልን ኣገልግሎቱን | 1 | መልሲ ጸሎት ምርካብ | 16 |
| ምግላጽ ናይ እግዚኣብሄር | 9 | ብስም ኢየሱስ ምጽላይ | 23 |

## ለበዋ

ክምለሰልኩም እትደልይዎ ሕቶ፡ ክተቕርብዎ እትደልዩ ርእይቶ፡ ክትውፍይዎ እትደልዩ ኣበርክቶ፡ እንተልዩ በዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ክትልእኩ እላቦ።

ኣድራሻ፡-

ዶ/ር ተኽለኣብ
መንግስተኣብ
ቁ.ሳ.ፖ. 1966
ኣስመራ-ኤርትራ

## ኣሰናዳኢ

ዶ/ር ተኽለኣብ መንግስተኣብ

ብሓልዮት መካነ ህይወት መድሃኔ ዓለም ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ቤተክርስትያን ትምህርቲ ሰንበት ዝዳሎ መጽሄት

## ዕላማ

እዛ መጽሄት ኣብ መጽሓፍ ቅዱስና ዝርከብ ኣርእስትታት ትምህርታዊ ብዝኾነ መልክዕ በብሓደ እናጸሓፍካ፡ ኣብ ቤተክርስትያን ይኹን፡ ኣብ ኣባይትና ብውልቂ ይኹን ብሕብረት ደረጃ ኣብ ዝግበር መጽናዕትታት ከም ሓጋዚ ማተርያል ኮይና ምእንቲ ከተገልግል ተባሂላ ዝተዳለወት መጽሄት እያ።

### መተሓሳሰቢ

ስም ናይ ጸሓፊ ኣብ ትሕቲ እቲ ኣርእስቲ እንተ ዘይተጻሒፉ ብኣሰናዳኢ ናይዛ መጽሄት ዝተጻሕፈ ምኳኑ እሕብር።

# ኣገልጋልን ኣገልግሎቱን

*9ይ ክፋል*

## ትዕቢት

ኣብ ዝሓለፈ ሕታምና፡ ብዛዕባ ረብሓታትን ኣብነታትን ናይ ትሕትና ኣስፈሕና ምዝታይና ዝዝከር እዩ። ትሕትና ዘይለበሰ ክርስትና፡ ዕራቑ ከም ዝወጸ ሰብ እዩ። ኣገልጋሊ ናይ ሎዲቅያ፡ ትዕቢት ንሰብ ብዕራቑ ከም ክዱን ኣምሲሉ ዘዐሽዎ ምኧኑ ጉሉሕ ኣብነት ሂቡና እዩ። ንትሕትና ከመይ ከም እንለብሳ ካብ ረኣና፡ እታ ናታ ተጻይ ዝኾነት ትዕቢት ድማ ብኸመይ ከም እነርሕቓ ክንፈልጥ ኣገዳሲ እዩ እሞ፡ ኣብዚ ሕታም እዚ ኣስፊሕና ክንርኢ ኢና።

ብዛዕባ ትሕትና ብዙሕ ዝበልና፡ ካብቲ መርዛም ትዕቢት ኣዚና ምእንቲ ክንርሕቕ እዩ። ስለዚ ብዛዕባ እቲ ነፍስና ካብኡ ብዙሕ ክትሕለወሉ ዝግብኣ ትዕቢት ገለ ክንብል ናይ ግድን እዩ። እቲ ንትሕትና ዝበልናዮ ኩሉ ብኣንጻሩ ንትዕቢት ክበሃል ይከኣልኳ እንተኾነ፡ ብዛዕብኡ ክንዝርዝር ግን ኣገዳሲ እዩ።

ትዕቢት ካብቶም ኣዝዮም ጽዩፋት ዝኾኑ ኣበሳታት ሓደ እዩ። ሰይጣን ቅድሚ ናብ መልኣኽ ጸልማት ምልዋጡ፡ ኣቆዲሙ መልኣኽ ብርሃን ከም ዝነበረ ዝፍለጥ እዩ። መን ከማይ ዝብል ትዕቢት ምስ ሓደሮ ግን ካብ ሰማያት ናብ ምድርን ናብ ሲኦልን ተደርበየ (ኢሳ፡14፡12-20,ህዝ፡28፡12-19)። ስለዚ ሓጢኣት ኣብ ምድሪ ብሰባት ቅድሚ ምፍጻሙ፡ ብመላእኽቲ ኣብ ሰማያት ከም ዝተፈጸመ ንርዳእ። እቲ ዘገርም ከኣ እቲ በኾሪ ሓጢኣት ትዕቢት ምኧኑ እዩ። ንወዲ ሰብ ካብ ገነት ኤድን ዘስጐጐውን፡ ከም ኣምላኽ ናይ ምኧን ናይ ትዕቢት ሓሳብ እዩ። ስለዚ <u>ትዕቢት ናይ ኩሉ ሓጢኣት ፈልሲ ምኧኑ ተገንዚብና ክንሕለወሉ ይግባእ።</u>

ንጉስ ሰለሞን ሓደ ብምረት ዝተዛረቦ ጥቕሲ ኣሎ። ከምዚ ድማ ይብል "እግዚኣብሄር ዝጸልኣን ሹድሽተ ነገር እየን፡ ኣረ ነፍሱ እምብዛ እትፍንፍነንሲ ሾብዓተ እየን። ትዕቢተኛ ዓይኒ፡ ሓሳዊት መልሓስ፡ ንጹህ ደም ዘፍስሳ ኣእዳው፡ እኩይ ምኽሪ እትፍሕስ ልቢ፡ እኩይ ነገር ናብ ዘበለ ዝቕልጥፋ ኣእጋር፡ ሓሶት ዝዛረብ ሓሳዊ ምስክር፡ ኣብ መንጐ ኣሕዋት ባእሲ ዝዘርእ።" ካብተን ነፍሲ እግዚኣብሄር እምብዛ እትፍንፍነን ቀዳመይቲ ትዕቢተኛ ዓይኒ ምኧና እምብዛ ዘፍርህ እዩ። እቲ በኾሪ ሓጢኣት ትዕቢት፡ እቲ እምብዛ ዘጸይፍ ሓጢኣት ከኣ ትዕቢት እዩ። ንጉስ ሰለሙን ንትዕቢት ኣዝዮም ካብ ዝገልጽዋ ሰባት ሓደ እዩ። ኣብ ምሳ፡21፡4 "ኩሩዓት ዓይንትን ንፉሕ ልብን ሓጢኣት እዩ፡ ንሱ ከኣ መብራህቲ ረሲኣን እዩ።" ይብል። ትዕቢት፡ መብራህቲ ረ

ሲኣን ዝተባህለሉ ምኽንያት፡ ካልኦት ሓጢኣታት ንኽትገብር፡ ጽቡቕ ጌሩ መንገዲ ዘርእየካ፡ ደፊርካ ሓጺር ንኽትዘልል ዘኽእለካ ስለ ዝኾነ እዩ። ትዕቢተኛ ሰብ ስለ ዝንዕቕ ንኽጸረፍ፡ ንሓለፋታት ኢሉ ንኽዳፋእ፡ ሰብ ሰብ ኮይኑ ስለ ዘይረኣዮ ንክቐትል ንኽዝሙ ኣየጸግሞን እዩ። ስለዚ ብርግጽ ትዕቢት መብራህቲ ረሲኣን እዩ። መብራህቲ ጻድቃን ግን ቃል እግዚኣብሄር እዩ። እዞም ዝስዕቡ ጥቕስታት ኣከታቲልና ምስ እንርእዮም ብዛዕባ ትዕቢት ጽቡቕ ስእሊ ክህቡና ይኽእሉ እዮም።

<u>መዝ፡10፡2</u> "ረሲእ ብትምኒት ልቡ ይጅሃር፡ ንገፋዒ ይምርቖ፡ ንእግዚኣብሄር ይንዕቆ ኣሎ እሞ፡ ጥቑዕሲ ብትዕቢት ረሲእ ይስቀ ኣሎ፡ ቡቲ ዝሓሰብዎ ውዲት ይተሓንኩሉ"

<u>መዝ፡73፡6</u> "ስለዚ ትዕቢት ከም ስልማት ክሳድ ደኸቦ፡ ግፍዒ ከም ክዳን ይጉልበቦ"

<u>መዝ፡119፡21</u> "ንቶም ትዕቢተኛታት፡ ንቶም ካብ ትእዛዛትካ ዜግልሱ ርጉማት ገናሕካ።"

<u>ምሳ፡11፡2</u> "ትዕቢት እንተ መጸ ውርደት ከኣ ይመጽእ ጥበብ ግና ምስቶም ትሑታት እዩ"

<u>ምሳ፡13፡10</u> "ካብ ትዕቢት ባእሲ ጥራይ እዩ ዚመጽእ፡ ጥበብ ግና ምስቶም ምኽሪ ዚቕበሉ እያ።"

<u>ምሳ፡16፡18</u> "ንውርደት ትዕቢት ትቕድማ፡ ንውድቀት ከኣ ኰርዓት።"

<u>ሆሴ፡7፡10</u> "ትዕቢት እስራኤል ኣብ ገጹ ይምስክር፡ ግናኸ ናብ እግዚኣብሄር ኣምላኾም ኣይምለሱን በዚ ኹሉውን ኣይደልይዎን።"

<u>1ዮሃ፡2፡16</u> "ኲሉ እቲ ኣብ ዓለም ዘሎ፡ ፍትወት ስጋን ፍትወት ኣዒንትን ንብረት ትዕቢትን እዚ ካብ ዓለም እዩ እምበር ካብ ኣቦስ ኣይኮነን።"

## *ኣብነታት ናይ ትዕቢት*

ኣብ መጽሓፍ ቅዱስና፡ ብትዕቢት ናይ ዝተጎድኡ ሰባት ኣብነታት ብብዝሒ ኢና እንረክብ። ብውልቀ ሰባት ደረጃ ክጥቀሱ ዝኽእሉ ከም በዓል ፈርኦን ን እማን፡ ዑዝያ፡ ህዝቅያስ፡ ሃማን፡ ነቡካድነጻር፡ ቤልሻጽር ኣለው (ዘጸ፡5፡2፣ 2ነገ፡5፡11፣ 2ዜና፡26፡16፣ 2ዜና፡32፡25፣ ኣሳ፡3፡5፣ ኢሳ፡10፡13፣ ኢሳ፡14፡13፣ ኢሳ፡47፡10፣ ህዝ፡28፡2፣ ህዝ፡31፡10፣ ዳን፡4፡30፣ ዳን፡5፡23)።

ብእኩብ ማለት ብሃገር ወይ ብማሕበር ደረጃ ዝንጸባረቕ ትዕቢት'ውን ኣሎ። እቲ ዝዓበየ ኣብነት ከኣ ናይ ኣይሁድን ናይ ፈሪሳውያንን ትዕቢት እዩ። ደቂ ኣብርሃም ኢና ብዝብል ትዕቢት ተነ ፌሑም፡ እንተኾነ ንግብሪ ኣብርሃም እናተጸረፉ ይነብሩ ኔሮም። ሰናይ ነገር ወይ ነብዪ ካብ ማእከሎም እንተ ዘይኮይኑ ካብ ካልእ ክወጽእ ዝኽእል ኣይመስሎምን እዩ። ክንዲ ፍረ ኣድሪ እትኣክል ዘይብሎም ክነሶም ዋላ ሓንቲ ጽድቂ ትጎድሎም ኣይመስሎምን እዩ። (ሉቃ፡3፡8 ሉቃ፡8፡11 ዮሃ፡8፡33,39 ዮሃ፡9፡28,41 ራእ፡3፡17)።

ዕቡያት ሰባት ንርእሶም ዘስዕቡላ ሳዕቤን ኣዝዩ ከቢድ እኳ እንተኾ ን (ሚል፡4፡1) ኣብ ርእሲ ካልኦት ዘስዕብዎ በደልን ጉድኣትን ከኣ ቀሊል ኣይኮነን (መዝ፡119፡78,85 መዝ፡123፡4 መዝ፡138፡6)። እግዚኣብሄር ግና ንትዕቢት እቶም ዕቡያት

ብሸለልትነት ኣይሓልፎን እዩ። ስለዚ ድማ ንትዕቢቶም እንተ ኣብ ሰማይ እንተ ኣብ ምድሪ ብውርደት እዩ ዝዛዘሞ። ነዚ ሓቂ እዚ ዘረጋግጹልና ሓያሎ ጥቕስታት ምጥቃስ ይከኣል እዩ (እዮ፡9፡13፣ እዮ፡24፡24፣ እዮ፡26፡12፣ መዝ፡18፡27፣ መዝ፡208፣ መዝ፡106፡43፣ ኢሳ፡10፡12፣ ኢሳ፡14፡11፣ ኢሳ፡23፡9፣ ኢሳ፡26፡5፣ ኤር፡23፡9፣ ኤር፡26፡5፣ ኤር፡60፡14፣ ማቴ፡11፡23)።

## *ንትዕቢት ዝድርኹና ነገራት*

ሓደ ሰብ ስቕ ኢሉ ብሃንደበት ክዕበ ኣይክእልን እዩ። ካብ ግዛእ ርእሱን ካብ ካልኦት ሰባትን ብትዕቢት ክፍተን ይኽእል እዩ። ንሰይጣን ኣበይ ረሲዕካዮ ከይትብሉኒ ሰይጣን ነእምሮኻን ንሰባትን ብምጥቃም ስለ ዝፍትን ኣብቲ ጠቐሰዮ ዘለኹ ጥቕሉል እዩ። እቶም ናብ ትዕቢት ዝድርኹና ነገራት፡-

### *1. ዝገበርካዮ ወይ ዘለካ ነገር ምጽብጻብ፡*

ኣብ ዕለታዊ ስጋዊ ኮነ መንፈሳዊ መነባብሮና ክንገብሮም እንኽእል ተግባራት ወይ ክህልውና ዝኽእሉ ነገራት ብዙሓት እዮም። ነቲ ዘሎና ነገር ብብዝሒ ምስ እንድህበሉ፡ ዝጐደለና ዘሎ ኮይኑ ኣይስመዓናን እዩ። ኣብ መንፈሳዊ ኮነ ነገራዊ ዓለም ግን ካብ ክህልወና ዝኽእል ነገር እቲ ዝጐድለና ነገር ኣዝዩ ብዙሕ እዩ። ስለዚ ነቲ ዝጐደለና ነገር እናረኣና ንእኡ ንምምላእ ክንዲ እንናፍቕ፡ በቲ ዘሎና ነገር ዓጊብና ንነገር ኩሉ ኣብ ኢድና ዝጨበጥና ይመስለና። ኣብቲ ክንበጽሑ ዝግበኣና ነገራት ከይበጻሕና ንርእስና እናኣዕበና ንነብር።

> *ጽዋእካ መሊኡ*
> *ክሳዕ ዝፈስስ፣*
> *መስፈርካ*
> *ተነኺኒኹ ተሰጊዱ*
> *ክሳዕ ዝመልእ*
> *እንተ ዘይጸሚእካ፣*
> *ናብ ምልኣት*
> *ዘይኮነስ ናብ*
> *ትዕቢት ምዕባይ*
> *እዩ ዝቐልለካ።*

ነዚ ኣብነት ዝኾኑና፡ እቲ ኣብ ሉቃ፡18፡9-14 ተጠቒሱ ዘሎ ፈሪሳውን፡ እቲ ኣብ ራእ፡3፡14-22 ተጠቒሱ ዘሎ መራሒ ማሕበር ኤፌሶንን ምዝካር ኣኻሊ እዩ። እቲ ፈሪሳዊ ነቲ ዝጾሞን ዝምጽውቶን ዘሎ

እንተ ዘይከይኑ ኻኽልእ ጕዲልዎ ዘሎ መንፈሳዊ ጸጋታት ከይረአየ፡ ንርእሱ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ይጥብራ ነይሩ። እቲ ኣ ገልጋሊ ናይ ኢፌሶን ከኣ "ሃብታምን ፈ ሳስን እየ፡ ሓንቲ ዝደልያ ነገር የብለይን" እናበለ ብዘለዎ እናተዘናግዐ ከሎ እዩ፡ መንፈስ ቅዱስ ብኣፍ ሃዋርያ ዮሃንስ፡ ሕ ሱርን ዘደንግጽን ነዳይን ዕውርን ዕሩቕን ምዃኑ ዝነገሮ። ስለዚ ነቲ ዝጐደለካ ረሲዕ ካ፡ በቲ ዘሎካ ቁሩብ ቁራብ ጸጋታት ትጥበር እንተ ኼንካ፡ ከምዚ ዝበለ ዘሰን ብድ መርድእ ከም ዘስዕበልካ ኣይትረስዕ።

እቲ ንርእስና ክንመዝነሉ
እኻኽእል ብቑዕን
እንከን መለክዒ
ክርስቶስ ጥራሕ
እዩ።

ብኣንጻሩ ግን "ከይባረኽካኒ ኣ ይሓድገካን፡ መንፈስካ ኣብ ልዕለይ ዕጽፊ ይኹን" ዝበለ ገና ናብ ዝዓበየ ጸጋ ዘቓምት ሕልና ሒዝካ ክትስዕብ ብግዲ ዘድሊ እዩ። ጽዋእካ መሊኡ ክሳዕ ዝ ፈስስ፡ መሰፈርካ ተነኺኒኹ ተሰጊዱ ክሳዕ ዝመልእ እንተ ዘይጸሚእካ፡ ናብ ምልኣት ዘይከነስ ናብ ትዕቢት ምዕባይ እ ዩ ዝቐልለካ። ሃዋርያ ጳውሎስ ነቲ ዘለዎን ነቲ ዝበጽሖን ዘይከነስ ነቲ ገና ዘይበጽሖ ጸጋ የቓምት ስለ ዝነበረ፡ ካብ ትዕቢት ተሓልዩ ይነብር ነይሩ። ነዚ ባህርዩ'ዚ ክገልጽ ከሎ ከምዚ ይብል፡ ፊሊ፡3፡10-14 "ብዝኾነ ኾይኑ ናብ ትንሳኤ ምዉታት እንተ ኣርከብኩ ኢለ፡ ብሞቱ፡ እናመ ሰልክዎ፡ ንእኡን ሓይሊ ትንሳኤኡን ሕብረት መከራኡን ምእንቲ ክፈልጥ፡ ኵሉ ኺዎ ወጽዓ እቔጽሮ ኣሎኹ። ኣነ ነቲ ን እኡ ክኸውን ብክርስቶስ ኢየሱስ እተረኸብ ኩ ምእንቲ ክረኽቦ፡ ንቅድሚት እደፍእ ኣ ለኹ እምበር፡ ቅድሚ ሕጂ ከም ዝረኸ ብክዎ ወይስ ቅድሚ ሕጂ ፍጹም ከ ም ዝኾንኩ ኣይኮነን። ኣሕዋተይ ኣ ነ ብርእሰይ ከም ዝረኸብክዎ ኣይመስለንን ኣሎ። ሓደ ነገር ደኣ ኣሎኒ ኣብ ድሕረይ ዘሎ እናረሳዕኩ ነቲ ኣብ ቅድመይ ዘሎ እናተመጣጠርኩ፡ ናብቲ ሕንጹጽ ዕላማ ኣ ቢለ ናብቲ ዓስቢ ዓወት ናይ ላዕሊ ጽውዓ ኣምላኽ ብክርስቶስ የሱስ እጐዩ እለኹ።"

ንጉስ ዳዊት፡ ነቲ ንቤተ መቕደስ ኢሉ ዝሃቦ ህያብ እንተ ዝርኢ፡ ልቡ ብትዕቢት ተነፊሑ ምወደቐ። ንሱ ግን ከም ዝሃበ ከም ዝገበረ፡ ናይ ምሃብ ህያብ ከም ዘለዎ ኣይሓሰበን። ብኣንጻሩ እቲ ንመጸኢ ንምሃብ ዘለዎ ባህጊ ምእንቲ ከይኩለፍ፡ ንእግዚኣብሄር "እማመ ሓሳባት ልበይ ሓልወለይ ብምባል ጸለ የ" (1ዜና፡29፡10-18)።

## 2. ንርእሰኻ ምስ ካልኦት ሰባት ምውድዳር፣

እዚ ድማ እቲ ቀንዲ ናብ ትዕቢት ዝሕንኩል ዘየድሊ ኣተሓሳስባ እዩ። ኣነ ካብ እከለ ስለ ዝሓሸኩ ጽቡቕ ኣለኹ ማለት ኣይኮነን። እዚ ኣረኣእያ እዚ፣ ንሱ ካባይ ዝሽፍእ ከም ዝኾነ ደኣ እምበር ኣን ጽቡቕ ከም ዘለኹ ዝሕብር ኣይኮነን። ኣብ ከባቢና ብዘለው ሰባት ህይወትና ክንልክዕ ክንመዝን ኣይተፈቕደልናን። ንሕናን ንሳቶምን ኩላትና ብሓደ ሰማያዊ መለክዒ እንልካዕ ተለካዕቲ ደኣ እምበር ኣብ ንሓድሕድና መለክዒ ክንከውን ስን ምግባራዊ ኮነ መንፈሳዊ ብቕዓት የብልናን። እቲ ንርእስና ክንመዝነሉ እንኽእል ብቑዕን እንኮን መለክዒ ክርስቶስ ጥራሕ እዩ። ብምስሊ ኣምላኽ ዝተፈጠርና ሰባት ከም ምዃንና መጠን፣ ንኣምላኽ ይመስል ድየ ኣይመስልን ኢልና ክንሓትት ጥራይ እዩ ዝግባእ። ንኣምላኽ ብምልኣት ክንመስሎ ስለ ዘይንኽእል ድማ፣ እዚ ምምስሳል እዚ መሊስና ከም እንትሕት እምበር ከም እንዕበ ኣይገብረናን እዩ።

ርእስና ምስ ብጻይና እነወዳድር እንተኾይንና ግን፣ እቲ ንሱ ንዓና ዝበልጸሉ ገዲፍና፣ በሰሩን ጉድለቱን ጥራይ ንርኢ። ናትና ጉንዲ ረሲዕና ነቲ ጸጽቡቕና ጥራይ እናርኣና፣ ኣነ ካብ እከለ ዝሓሸኩ እየ ንብል። እቲ ጸላያይ ፈረሳዊ እዚ ዝዓይነቱ ኣካይዳ እዩ ዓንቂፍዎ። ኣብ ኣዒንቱ ክረኣዮ ዝኽእለ ነገር እንተልዩ፣ ናቱ ጸጽቡቑን ናይ ብጻዩ ከኣ ክክፉኡን ጥራይ እዩ። ስለዚ ጽቡቕን ክፉእን እንተ ኣወዳዲርካዮ ድማ እቲ ጽቡቕ ዝበለጸ ኮይኑ ክረኣየካ ናይ ግድን እዩ። ኣብዚ ክንርስዖ ዘይብልና ነጥቢ ግን ኣሎ። ናይ ብጻይካ በደል ዝዓበየ ምዃኑ ነቲ ናትካ በደል ዝደቀቐ ክሹውን ኣይሕግዞን እዩ። ናይ ኩሉ ዓይነትን መጠንን ናይ ሓጢኣት ዓስቢ ሓደ እዩ፣ ንሱ ከኣ ሞት እዩ። ስለዚ ካብ ከምዚ ዝዓይነቱ ጥበራ ነፍሰኻ ክትሕሉ ይግባእ። ምስ ብጻይካ ነፍሰኻ ምውድዳር ክልተ ኣሉታዊ ሳዕቤን ኣለዎ። ዝበለጽካዮ ኮይኑ እንተ ተራእዩካ፣ ትዕቢት የሕድረልካ፣ ዝበለጸካ ኮይኑ እንተ ተሰምዓካ ከኣ ቅንኣት የሕድረልካ። ስለዚ ንርእሰኻ፣ ምስቲ ኣሰር ኣሰሩ ምእንቲ ክትስዕብ ኣርኣያኡ ዝሓደገልካ ክርስቶስ ደኣ እምበር፣ ምስ ከማኻ ሰብ ኣይተነጻጽሮ። ሕመቕ ካልኦት ንኣኻ ብልጫኻ ከም ዘይኮነ ኣይትረስዕ። ብኣንጻሩ፣ ብጻይካ ደኺሙ ወዲቑ ንሰኻ ግን በርቲዕካ ደው ኢልካ እንተለኻ፣ ነቲ ድኻሙ ከም እምኒ ክትዕንቀፈሉ ዘይኮነስ፣ ከም ምልክት ሓደጋ ክትጥንቀቐሉ ይግባእ። ስለዚ እቲ ደው ኢሉ ዘሎ ዝመስሎ ከይወድቕ ይጠንቀቕ (1ቈረ፡10፡12 ሮሜ፡11፡13-24)።

## 3. ኣብ ሲጋኻ ሰናይ ከም ዘየልቦ ምርኣዕ

ብርእሰኻ ብልሂ ወይ ከኣ ክኢላ ከም ዝኾንካ እንተ መሲሉካ ድማ እቲ ካልእ ዝዓበየን ዝሰፍሐን ናብ ትዕቢት ዘእቱ መንገዲ ተተሓ..ዝካዮ ኣለኻ ማለት እዩ። ቃል እግዚኣብሄር ከም ዝብሎ "ንዑይታየ መንገዲ ሰብ ካብ ርእሱ ከም ዘይኮነ እቲ ዝመላለስ'ውን ስጉምቲ ከ

ቕንዕ ዓቕሚ ከም ዘይብሉ እፈልጥ ኣለኹ።" (ኤር፡10፡23)። "ስጉምቲ ሰብ ብእግዚኣብሄር እዩ ዚምራሕ፡ ሰብ ደኣ ኸመይ ገይሩ እዩ ንመገዱ ዜስተውዕላ።" (ምሳ፡20፡24) "ስጉምቲ ብእግዚኣብሄር እዩ ዝምራሕ ሰብ ድኣ ከመይ ገይሩ እዩ ንመገዱ ዘስተውዕላ?" (ምሳ፡21፡2)። "ኣብ ኵሉ መገድኻ ንእኡ ሕሰብ፡ ንሱ ከኣ ኣኻይዳኻ ኬቕንዕ እዩ። ባዕለይ እፈልጥ ኣይትበል፡ ንእግዚኣብሄር ፍራህ፡ ካብ ክፉእ ከኣ ርሓቕ።" (ምሳ፡3፡6-7)። "ስጉምቲ ሰብ ብእግዚኣብሄር ይጸንዕ፡ መገዱ ከኣ ባህ የብሎ።" (መዝ፡37፡23)። "እቲ ጉንዲ ወይኒ ኣነ እየ፡ ጨናፍር ከኣ ንስኻትኩም ኢኹም ብጀካይ ሓንቲ እኳ ኽትገብሩ ኣይትኽእሉን ኢኹም እሞ፡ እቲ ኣባይ ዚጸንዕ ኣነውን ኣብኡ ንሱ እዩ ብዙሕ ፍረ ዚፈሪ።" (ዮሃ፡15፡5)። "ብክርስቶስ ግና ኣብ ኣምላኽ ከምዚ ዝበለ እሙንቶ ኣላትና ክእለትና ካብ ኣምላኽ ደኣ እዩ እምበር፡ ካብ ርእስና ገለ ኸም ዘምጸእና፡ ሓንቲ እኳ ኽንሓስብ ኣይከኣለናን እዩ።" (2ቆረ፡3፡4,5)። እዚ ዝዓይነቱ ጥቕስታት ዝሓዘ መጽሓፍ ቅዱስ እናንበብካ፡ ነቲ ጽቡቕ ግብሪ ባዕለይ ገይረዮ ኢልካ እንተ ተዓቢኻ፡ ንስኻን እቲ መጽሓፍን ከም ዘይተራኸብኩም ዘቃልዕ ኣተሓሳስባ እዩ። ሓደ ሰናይ ግብሪ ክትገብር ምስ ከኣልካ፡ ነቲ ብዘይ ብእኡ ዋላ ሓንቲ ክትገብር ዘይትኽእል ጐይታ፡ ክብሪ ክትህብ ይግበኣካ። ስለዚ ንነፍስኻ ካብዚ ዝዓይነቱ ማይ ብሉቕ ፈረሳውያን እንተ ዘይሓሊኻያ፡ ጽባሕ ንግሆ ብዝመጸጸን ብዝመጭቆረን ክርስትናኻ ካብ ኣፉ ጡፍ ክትበሃል ኢኻ።

*ምስ ብጻይካ ነፍስኻ ምውድዳር ክልተ ኣሉታዊ ሳዕቤን ኣለዎ። ዝበለጽካዮ ኮይኑ እንተ ተራእዩካ፡ ትዕቢት የሕድረልካ፡ ዝበለጸካ ኮይኑ እንተ ተሰምዓካ ከኣ ቅንኣት የሕድረልካ።*

## *4. ውዳሴ ከንቱ ምቕባል*

ንውዳሴ ከንቱ ናይ ሰባት ዝኸውን እንተ ሃልዩካ ድማ ንትዕቢት ዝኸውን ምቹእ ልቢ ከም ዘለካ ፍለጥ። ገለ ገለ ሰባት እንተ ብገርህነት እንተ ብዕሽነት፡ ብዛዕባ ዘለካ ጸጋ፡ ሕቘፍ ኣቢሎም ክም ንጠሓኒት መኪና እናጠፍጠፉ ይውድሱኻ እሞ፡ ካብ ሕቝፎም ከይተፈለኻ ጸጋኻ ከም ትነግፍ ይገብሩ። ኣብ ውሽጥኻ፡ ጽኑዕ፡ ብእግዚኣብሄር ዝእመን፡ ሰናይ ኣብ ስግኡ ከም ዘየሎ ዘስተውዕል፡ ድቑስን ስብርን መንፈስን እንተ ዘየሕዲርካ፡ ውዳሴ ከንቱ ኣብ ልብኻ ከይበቊል ዝጸግሞ ነገር የለን። ከምዚኣቶም ዝበሉ ቃላት፡ ምጥባው ዝፈቱ እዝኒ እንተ ልዩካ ግን፡ ይትረፍ ባዕሎም ተዛሪቦምኻ፡ እንተ ዘይተዛረቡኻ እኳ ባዕልኻ ተኹቲኽኳ ክም ዝዛረቡ ኢኻ እትገብሮም።

ንጉስ ሄሮድስ፥ ናይ ንግስነት ክዳኑ ተኸዲኑ ምስ ወጸ እሞ ኣዝዩ ጥዑም ዘረባ ምስ ተዛረቦም፡ እቶም ምኩራት ሰብ ጢሮስ፥ "እዚስ ናይ ኣምላኽ እምበር ናይ ሰብ ድምጺ ኣይኮነን" ኢሎም ጨደሩሉ። ኣብዚ ጊዜ ሄሮድስ ክብሪ ንኣምላኽ ክንዲ ዝሀብ ነታ ውዳሴ ክንቱ ከም ዘላታ ስለ ዝወሓጣ ንእለቱ መልኣኽ እግዚኣብሄር ቀዚፍዎ ሓሲኹ ሞተ (ግብ፥12፥20-23) ንሕና'ውን ሰባት ብዝኾነን ብዘይኮነን ቃል ክውድሱና ከለው፥ ንኣምላኽ ክብሪ እንተ ዘይሂብና፥ መንፈሳዊ መቕዘፍቲ ከም ዝወርደና ኣይንዘንግዕ።

ንጳውሎስን ንበርናባስን ዝገጠሞም ፈተናውን ቀሊል ኣይነበረን። ንሓደ መጻጉዕ ምስ ኣሕወዩ ዘጋጠሞም ኩነታት ኣብ ግብ፥14፥8-15 "ሓደ ሰብኣይ፥ ኣእጋሩ ዝሞተ ካብ ከርሲ ኣዲኡ ጀሚሩ ዝማህመነ፥ ተዛዊሩ እኳ ዘይፈልጥ፥ ኣብ ልስጥራ ተቐሚጡ ነበረ። ንሱ ጳውሎስ ክዛረብ ከሎ ሰምዐ። ጳውሎስ ድማ ተኸሪሩ ጠሚቱ እሞ ክሓዊ እምነት ከም ዘሎቶ ምስ ረአየ፥ ድምጹ ዓው ኣቢሉ ትኽ ኢልካ በእጋርካ ደው በል፥ በሎ። ብድድ ኢሉ ከኣ ተዛወረ። ሽዑ እቶም ህዝቢ ጳውሎስ ዝገበሮ ምስ ረአዩ ድምጾም ዓው ኣቢሎም ብዘረባ ሊቃኦንያ፥ "ኣማልኽቲ ብኣርኣያ ሰብ ናባና ወሪዶም" በሉ። ንበርናባስ ድያ፥ በልዎ ንጳውሎስ ድማ፥ መራሕ ዘረባ ስለ ዝኾነ ሄርሜስ በልዎ። ካህን እቲ ኣብ መንጽር ከተማ ዝነበረ መቕደስ ድያ ድማ ኣብዑርን ኣኽሊላትን ዕምባባን ናብቲ ደጌታት ኣምጺኡ ምስቶም ሰብ ኮይኑ ክስውኣሎም ደለየ። ግናኸ ጳውሎስን በርናባስን እቶም ሃዋርያት እዚ ምስ ሰምዑ ክዳውንቶም ቀደዱ፥ እናጨደሩ ኸኣ ናብቶም ህዝቢ ጐየዩ፥ እናበሉ "ኣቱም ሰብ፥ ንምንታይ እዚ ነገርዚ እትገብሩ ንሕና ድማ ከማኻትኩም ዝፍጥረትና ሰብ ኢና ካብዚ ኸንቱ ነገር ናብቲ ሰማይን ምድርን ባሕርን ኣባታቶም ዘለው ኩሎምን ዝፈጠረ ህያው ኣምላኽ ክትምለሱ ነበስረኩም ኣሎና።" ብምባል ኣዘንትዮም ኣሎ። በዓል ጳውሎስ ነዛ ውዳሴ እዚኣ ተቐቢሎምዋ እንተ ዝኾኑ፥ ዕጫኦም ዕጫ ሄሮድስ ኮይና ምተረፈት፥ ናይቲ መጻጉዕ ለምሲ ድማ ናብ ነፍሶም ምስገረ ነይሩ። ሙሴ ንእግዚኣብሄር ክብሪ ብዘይ ምሃቡ ክንኣን ካብ ምእታው ከም ዝተዓንቀፈ ምዝካር ዓብይ መለበሚ እዩ (ዘሁ፥20፥2-13)

ኣነ ካብ እከለ ስለ ዝሓሸኩ
ጽቡቕ ኣለኹ ማለት ኣይኮነን።
እዚ ኣረኣእያ እዚ፥
ንሱ ካባይ ዝኸፍአ
ከም ዝኾነ ደኣ እምበር
ኣነ ጽቡቕ ከም ዘለኹ
ዝሕብር ኣይኮነን።

ንኽትዕበ ሰባት ናይ ግድን ቃላት ካብ አፎም ክውስኡ አየድልን እዩ። ክት ሰብኽ ክትዝምር ወይ'ውን ዝኾነ ካልእ ሰናይ ተግባር ክትገብር ከለኻ፡ ሰባት ብዘይ ቃላት፡ ኣብኡ ከለው ብናይ ገጽም ስምዒት ዝገልጽዎ ካብ ቃላት ዝብርትዕ መልእኽቲ ኣለዎ። ኣዒንቶም ኣፍጢጦም አፎም ከፊቶም ናብኻ ኣትኵሮም ብምድናቕ ክጥምቱኻ ከለው፡ ኣፍ ደገ ልብኻ ንትዕቢት ንምእንጋድ ፈግ ኢሉ ክኸፈት ከሎ እንተ ተሰሚዑካ፡ ነዚ ተርእዮ እዚ ናይ ስምዒት ህዋሳትካ ከም ምቁር ሕብስቲ ከስተማቕሮ እንተ ጀሚሩ፡ ሽዑ ገዛኻ ዓጺኻ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ክተእውየሉ ዝግብኣካ ጊዜ ምዃኑ ዘክር። ከምዚኣ ጌርካ ንነፍስኻ ክትብጆ እንተ ዘይክኢልካ ክርስትያን ምዃን ጥራይ ዘይኮ ነስ ተራ ሰብ ምዃን'ውን ከጸግመካ እዩ።

ክቡር ኣገልጋሊ፡ ትዕቢት መዘዙ ብዙሕን ነዊሕን ምዃኑ ተገንዚብካ፡ ከም ዳዊት መዓልታዊ "ንቢርያኻ ካብ ትዕቢት ሓልዎ" እናበልካ ነፍስኻ ኣማዕቍብ። ብኣን ጻሩ ንትዕቢት ስፍራ ብዘይሃብካ ሕሉፍ ትሕትና ጽዋእ ልብኻ ክንጀርብብ ንእግዚኣ ብሄር ተማሕጸኖ።

እግዚኣብሄር ይደግፍ!!

ሙሴ ንእግዚኣብሄር
ክብሪ ብዘይ ምሃቡ
ከንኣን ካብ ምእታው
ከም ዝተዓንቀፈ
ምዝካር ዓብይ
መለበሚ እዩ።

እግዚኣብሄር
ግና
ንትዕቢት
እቶም ዕቡያት
ብሸለልትንነት
ኣይሓልፎን
እዩ።

# ምግላጽ ናይ እግዚኣብሄር

## 2ይ ክፋል

ኣብ ዝሓለፈ ሕታም ብዛዕባ ምግላጽ ናይ እግዚኣብሄር፡ ሓፈሻዊ ምግላጽን ፍሉይ ምግላጽን ኣብ ትሕቲ ዝብሉ ክልተ ዓበይቲ ኣርእስታት ከፋፊልና ምርኣይና ዝዝከር እዩ፡ ኣብዚ ሕታም እዚ ድማ፡ ብዛዕባ እቶም ዝተረፉ ክፍልታት ናይ ፍሉይ ምግላጽ ክንዝቲ ኢና።

እቲ ንትንቢታት ዝቐርብ ተቓውሞ፡ ልክዕ በቲ ንተኣምራት ዝመለስናሉ መንገድታት ጌርና ክንምልሰሉ ይከኣል እዩ። ክርስቶስ ብሓቂ እቲ ንኹሉ ሰብ ዘብርህ ብርሃን እዩ (ዮሃ፡1፡9)። ኣብ ኣእምሮ ወይ ሕልና ሰብ ዝርከብ ዝኾነ ይኹን ነገር ኣብ ኣምላኽ ዝተሞርኮሰ ደኣ እምበር ካብ ኣምላኽ ነጻ ክኸውን ኣይከኣልን እዩ። ምኽንያቱ ፈጣርን ዓቃብን ናይ ኣእምሮ ሰብ እግዚኣብሄር እዩ። እግዚኣብሄር ከምቲ ንሕገ ተፈጥሮ ዝገዝእ ጌሩ ንሓሳባት ሰብ ክገዝእ ይኽእል እዩ። እዚ ክገብር ከሎ ድማ ነቲ ሓሳባት ኮነ ንሕገ ተፈጥሮ ከይደምሰሰ፡ ከምኡ ድማ ተኻፋሊ ናይቲ ሓጢኣት ከይኮነ ክገብሮ ይኽእል።

ክርስቶስ

ማእከል ናይ ኩሉ ታሪኽን

ናይ ኩሉ ምግላጽን

እዩ።

እግዚኣብሄር [illegible] ብቲ ክቡር ናይ ኣእምሮ መስርሕ ክ[illegible]ሕ ዝኽእል እንተ ኾይኑ፡ ሓደ ሓደ ጊዜ ኪኖ ኣእምሮ ሰጊሩ፡ ወይ'ውን ተሳትፎ ናይ ኣእምሮ ብዘይብሉ መንገዲ ክሰርሕ እንተ

ርኢናዮ'ውን ክገርመና የብሉን። ኣብ ልዕሊ እዚ ናይ ትንቢት ተኸእሎ፡ እቶም ትንቢታት ፍጻሜ ክም ዝረኸቡ ምርግጋጽ'ውን ክውሰኾ ይኽእል እዩ። ንፍጻሜ ናይ ኩሎም ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ዘለዉ ትንቢታት ምርግጋጽ ኣገዳሲ ኣይኮነን፡ ገሊኡ ኣብ መጻኢ እዩ ክፍጸም። እንተኾነ ናብ ሓደ ፍጻሜ ዝረኸበ ንጹር መስመር ናይ ትንቢት ግን ክነመልክት ንኽእል ኢና። ነዚ ዝርዝር ናይ ትንቢት ዓንቀጻት (passages) ሓቀኛ ትንቢት ምኳኑ ክነረጋግጽ እንተ ኸኢልና ብድሕሪኡ ብዛዕባ ምስ ኣምላኽ ዝግበር ቀጥታዊ ርክብ፡ "የለን፡ ክኸውን ድማ ኣይክእልን እዩ" ክብል ዝኽእል ዋላ ሓደ ክህሉ ኣይክእልን፡ እዩ።

> እቲ ሓቀኛ
> ኣማኒ ኣብ
> ቅዱሳት ጽሑፋት
> እቲ ዝነጸረ
> ምግላጽ ክም
> ዘሎ ኣብ
> ኣእምሮኡ
> ወርትግ ጸኒዑ
> ዝነብር ሓቂ
> እዩ።

እዚ ሕጂ እንጠቕሶ መስመር ትንቢት ብዛዕባ'ቲ ቀዳማይ ምምጻእ ናይ ክርስቶስ ኣቐዲሞም ዝተዘርበ ብዙሓት መልእኽታት ዝሓቖፈ እዩ። እዞም ትንቢታት እዚኣቶም ብጋጣሚ ዝተጋጠሙ ፍጻሜታት፡ ወይ'ውን ብናይ ሰብ ናይ ምግማት ዓቕሚ ዝተባህለ ኣይኮኑን። ትንቢታት ብኣጋጣሚ ወይ ቅድመ-ግምት ካብ ምኳን ንላዕሊ ቀጥታዊ ምግላጽ ናይ ኣምላኽ ናይ ምኳን ተኸእሎኦም ክም ዝዓቢ ብተራ (ዘይመንፈሳዊ) ኣእምሮ እኳ ምግማት ይከኣል እዩ። ነዞም ብዛዕባ ክርስቶስ ዝተባህሉ እሞ ዝተፈጸሙ ሓቅታት ኣቕልበሎም።

1. ክርስቶስ ካብ ድንግል ክም ዝውለድ (ኢሳ:7:14፣ ማቴ:1:23)።

2. ዘርኢ ኣብርሃም ክም ዝኾነ (ዘፍ:12:3፣ ገላ:3:8)።

3. ካብ ነገድ ይሁዳ ክም ዝኾነ (ዘፍ:49:10፣ እብ:7:14)።

4. ካብ ዘርኢ ዳዊት ምኳኑ (መዝ:110:1፣ ሮሜ:1:3)።

5. ኣብ ቤተልሄም ከም ዝውለድ (ሚክ፡5፡2፣ ማቴ፡2፡6)።

6. ብመንፈስ ቅዱስ ከም ዝቕባእ (ኢሳ፡61፡1፣ ሉቃ፡4፡18)።

7. ብእድጊ ናብ ኢየሩሳሌም ከምዝኣቱ (ዘካ፡9፡9፣ ማቴ 21፡5)።

8. ፈታዊኡ ከም ዝኸሕዶ (መዝ፡41፡9፣ ዮሃ፡13፡18)።

9. ንሰላሳ ዲናር ብሩር ከም ዝሸየጥ (ዘካ፡11፡12፣ ማቴ፡26፡15፣ ማቴ፡27፡9)

10. ደቀ መዛሙርቱ ሓዲጎምዎ ከም ዝሃድሙ (ዘካ፡13፡7፣ ማቴ፡26፡31,56)

11. ኣብ ኢዱን እግሩን ከም ዝሸንከርዎ ዓጽሙ ግን ከም ዘይሰበር (መዝ፡22፡16፣ መዝ፡34፡20፣ ዮሃ፡19፡36፣ ዮሃ፡19፡36፣ ዮሃ፡20፡20,25)።

1. 12. ሓሞትን ወይንን ሓዊሶም ከም ዘስትይዎ (መዝ፡69፡21፣ ማቴ፡27፡34)

13. ንኽዳውንቱ ከም ዝማቐልዎን ዕጫ ከም ዝዋደቑሉን (መዝ፡22፡18፣ ማቴ 27፡35)።

14. ብኣቦ ከም ዝተሓድገ ከይኑ ከም ዝስምዖ (መዝ፡22፡1፣ ማቴ፡27፡46)።

15. ምስ ሃብታማት ከም ዝቕበር (ኢሳ፡53፡9፣ ማቴ፡27፡57-60)።

16. ካብ ምውታት ከም ዝትንስእ (መዝ፡16፡8-11፣ ማቴ፡28፡5-7)።

17. ናብ ላዕሊ ከም ዝዓርግ (መዝ፡68፡18፣ ኤፌ፡4፡8)።

18. ኣብ የማን ኣቦ ከም ዝቕመጥ (መዝ፡110፡1፣ ማቴ፡22፡43-45)

*ትንቢታት ብኣጋጣሚ ወይ ቅድመ-ግምት ካብ ምኻን ንላዕሊ ቀጥታዊ ምግላጽ ናይ ኣምላኽ ናይ ምኻን ተኽእሎኦም ከም ዝዓቢ ብተራ (ዘይመንፈሳዊ) ኣእምሮ እኳ ምግማት ይከኣል እዩ።*

ኣብዞም ክንገ[ር]ዝሮም ዝጸናሕና እሞ ዝተፈጸሙ ትን[ቢ]ታት፡ እግዚኣብሄር ንርእሱ ብትንቢት ከም ዝገለጸ ሓያል መርትዖ የብልናን'ዶ? ኣብዞም

ዝጠቀስናዮም ትንቢታት ርእሱ ከም ዝገለጸ፣ ኣብ ካልኦት ዘይጠቐስናዮም እንተኾነ'ውን ርእሱ ከም ዝገለጸ፣ ዘተሓትት ኣይኮነን።

### 3. ብክርስቶስ ዝተረኸበ ምግላጽ

ብተወሳኺ እግዚኣብሄር ኣቦ፣ ብወዱ ብኢየሱስ ክርስቶስ ርእሱ ገሊጹ እዩ። እቲ ሓፈሻዊ ምግላጽ ናይ እግዚኣብሄር፣ ነቲ ናይ ኣህዛብ ዓለም ናብ ንጹር ርድኢት ብዛዕባ ህልውናን ባህርይን ፍቓድን ናይ እግዚኣብሄር ከብጽሖ ኣይክኣለን (ሮሜ:1:20-23)። ፍልስፍና'ውን እንተኾነ፣ ብዛዕባ እግዚኣብሄር ቅኑዕ ርድኢት ክህብ ኣይክኣለን። ጳውሎስ "ስለዚ ዓለም ብጥበባ ንኣምላኽ፣ ብጥበብ ኣምላኽ ገይራ ካብ ዘይፈለጠቶ" ብምባል፣ ዓለም ብጥበብ ኣምላኽ ጌራ እንተዘይከይዱ፣ ብጥበባ ጌራ ንኣምላኽ ክትርድኦ ከም ዘይትኽእል ኣነጺሩ ኣሎ (1ቆረ:1:21)። ኣስዒቡ ድማ "ካብ ገዛእቲ እዛ ዓለም እዚኣ ሓደ እኳ ነዚ ጥበብ እዚ ኣይፈለጠን፣ እንተ ዝፈልጥዎስ፣ ንጐይታ ክብሪ ኣይምሰቐልዎን ነይሮም" ብምባል ጽሒፉ ኣሎ (1ቆረ:2:8)። እቲ ሓፈሻዊ ምግላጽ ኣብ ፍጥረትን ኣብ ታሪኽን ኣብ ሕልናን ተገሊጹሎም ከብቅዕ፣ እቲ ናይ ኣህዛብ ዓለም ግን ናብ ጥንቁልናን ናብ ብዙሀ-ዝሄርነትን ናብ ኣምላኽ ጣኦትን እዩ ዘንቢሉ። ኣብ ክንዲ ንፈጣሪ ንፍጡር ኣምለኹ (ሮሜ:1:25,26)። ስለዚ ኸኣ ምሉእ ዝኾነ ምግላጽ ኣዝዩ ኣድለየ። እዚ ክንብል ከሎና። እቲ ናይ ፍጥረት ምግላጽ፣ እግዚኣብሄር ሰናይን ዓብይን ከም ዝኾነ ኣብ ምግላጽ ግደ ኣይነበሮን ንምባል ኣይኮነን። ብኣንጻሩ፣ ሰብ ኣብ ውድቀት ስለ ዝነበረ ግቡእ ግብረ መልሲ ክህብ ስለ ዘይከኣለ እዩ።

> እግዚኣብሄር ኣብቲ ክቡር ናይ ኣእምሮ መስርሕ ክሰርሕ ዝኽእል እንተ ኾይኑ፣ ሓደ ሓደ ጊዜ ኪኖ ኣእምሮ ሰጊሩ፣ ወይ'ውን ተሳትፎ ናይ ኣእምሮ ብዘይብሉ መንገዲ ክሰርሕ እንተ ርኢናዮ'ውን ክገርመና የብሉን።

እቲ ፍሉይን ተወሳኽን ብተኣምራትን ብትንቢትን ብመለኮታዊ ምግሃድን (THEOPHANY) ዝተዋህበ ምግላጽ ንህዝቢ እስራኤል ብዛዕባ ባህርይን ፍቓድን ናይ ኣምላኽ፣ ምሉእ ፍልጠትን ሓቀኛ ስእልን ክህቦም ኣይክኣለን። እስራኤላውያን ብህልውና ናይቲ ሓቀኛን

ህያውን ኣምላኽ ይኣምኑኺ እንተ ነበሩ፣ ርድኢቶም ግን ዘይፍጹምን ዝምቡዕን እዩ ነይሩ። ንእግዚኣብሄር ከም ሓደ ዓብይ ሓጋግን ፈራድን ጥራይ ጌሮም እምበር፣ ከም ብዛዕባ ውሽጣዊ ኩነታት ናይ ወዲ ሰብ ዝግድስ፣ ብዛዕባ እምነትን ምሕረትን ምልምማድ ፍትሕን ዝግድስ ጌሮም ይርድእዎ ኣይነበሩን (ማቴ፡23፡23-28)። ናይ ብዙሕ መስዋእቲ ባህጊ ከም ዘለዎ እምበር፣ ቀንዲ ጉዳዩ ምስ ሓጢኣት ከም ዝኾነ ጌሮም ኣየስተውዓልዎን (ኢሳ፡1፡11-15፣ ማቴ፡9፡13፣ ማቴ፡12፡7፣ ማቴ፡15፡7-9)። ንሳቶም ዘርኢ ኣብርሃም ስለ ዝኾኑ ዘሐጕሶ፣ ኣህዛብ ግን ዘርኢ ኣብርሃም ስለ ዘይኮኑ ዝተሓሰሞም ይመስሎም ነይሩ (ማቴ፡3፡8-12፣ ማቴ፡12፡17-21፣ ማር፡11፡17)። ብሉይ ኪዳን ብፍቕርን ምሕረትን እሙንነትን ናይ እግዚኣብሄር ዝመልአ ክነሱ፣ ንሳቶም ግን ናብ ኣምልኾ ናይ እግዚኣብሄር ዘይኮነስ ናብ ኣምልኾ ሕጊ (Legalism) ገጾም ተመሊሶም። ናብቲ ሕጊ ጥራይ ኣድሂቦም። ስለዚ ንእስራኤላውያን እውን ምሉእ ምግላጽ የድልዮም ነይሩ፣ እዚ ድማ ብስብእናን (ብትስብእትን) ብተልእኾን ናይ ኢየሱስ ክርስቶስ ጥራይ እዩ ክፍጸም ዝኽእል።

ክርስቶስ ማእከል ናይ ኩሉ ታሪኽን ናይ ኩሉ ምግላጽን እዩ። ናይ መልእኽቲ ናብ እብራውያን ጸሓፊ፡ "ኣምላኽ ብዙሕ ሳዕን ብብዙሕ መገድን ቀደም ነቦታትና ብነብያት ገይሩ ምስ ተዛረቦም፣ ኣብዘን ዳሕሮት መዓልትታት ንዓና በቲ ወራሲ ኩሉ ዝገበሮ ብእኡ'ውን ዓለም ዝፈጠረ ወዱ ገይሩ ተዛረበና።" ድሕሪ ምባል ንክርስቶስ ከም ናይ ኣቦ ናይ ክብሩ ነጸብራቕን ናይ ባህርዩ ቅርጽን ገይሩ ገለጾ (እብ፡1፡1-3)። ጳውሎስ'ውን ንክርስቶስ "መልክዕ ናይቲ ዘይርአ ኣምላኽ" ኢሉ ምስ ሰመዮ፣ "ኣብኡ ብዘሎ ምልኣት መለኮት ኣብ ስጋ ሓዲሩዎ እዩ" ብምባል ጸሓፈ (ቈሎ፡1፡15፣ ቈሎ፡2፡9)። ወንጌላዊ ዮሃንስ'ውን "ሓደ እኳ ንኣምላኽ ዝረኣዮ የልቦን፣ እቲ ኣብ ሕቑፊ ኣቦኡ ዘሎ ሓደ ወዲ፣ ንሱ ኣግሃዶ" ኢሉ ኣሎ (ዮሃ፡1፡18)። ኢየሱስ'ውን ንዕኡ "ካብ ኣቦ ኩሉ ተዋሂቡኒ ኣሎ፣ ንወዲ ብጀካ ኣቦ ሓደ እኳ ዝፈልጦ የልቦን፣ ነቦ ከኣ ብጀካ ወድን እቲ ወዲ ክገልጸሉ ዝፈተን ዝፈልጦን የልቦን።" ከምኡውን "እቲ ንዓይ ዝረኣየ ነቦ ረኣየ" ኢሉና እዩ (ማቴ፡11፡27፣ ዮሃ፡14፡9)። ስለዚ ቤተ ክርስትያን ካብ መጀመርታ ጀሚራ ነቲ ምሉእ ምግላጽ ኣምላኽ ኣብ ክርስቶስ ርእያቶ እያ።

ኣብ ክርስቶስ ሰለስተ ዕጽፊ ምግላጽ ንረክብ፣ ንሳቶም ከኣ ምግላጽ ናይ ህልውናኡ፣ ምግላጽ ናይ ባህርዩን፣ ምግላጽ ናይ ፍቓዱን እዮም። ክርስቶስ፣ ነቲ ኣምላኻዊ ህይወት ኣብ ማእከል ሰባት ስለ ዝነበሮ፣ እቲ ዝበለጸ መርትዖ ናይ ህልውና ኣምላኽ እዩ። ክርስቶስ፣ ኣቦ ኣብኡ ከም ዘሎ፣ ምስ ኣቦ ድማ ጥቡቕ ሓድነት ከም ዘለዎ ዝገልጽ ልዑል ንቕሓት (supreme consciousness) ስለ ዝውንን ኣይኮነን ነቲ ምግላጽ ኣርእዩና (ዮሃ፡8፡18,28፣ ዮሃ፡11፡41፣ ዮሃ፡12፡28) ብኣንጻሩ፣ ንሱ ብዝተኣመኖ ቃላት (c! ims) (ዮሃ፡8፡58፣ ዮሃ፡17፡5) ሓጢኣት ብዘይብሉ ህይወቱ (ዮሃ፡8፡46)፣ ብትምህርቱ (ማቴ፡7፡28፣ ዮሃ፡6፡46)፣ ብስርሑ (ዮሃ፡5፡36፣

ዮሃ፡10፡37፤ ዮሃ15፡24)፤ ብስልጣኑ (ማቴ፡9፡2,6፤ ዮሃ፡5፡22,25,28)፤ ምስ ኣቦኡ ብዝነበሮ ዝምድና (ማቴ፡28፡19፤ ዮሃ፡10፡38)፤ ንርእሱ ባዕሉ ኣምላኽ ከም ዝኾነ ገሊጹ እዩ። ንሱ ነቲ ፍጹም ቅድስና ናይ ኣምላኽ (ዮሃ፡17፡11,25)፤ ነቲ ኣዝዩ ዓብዪ ፍቕሪ ኣምላኽ (ዮሃ፡3፡14-16)፤ ኣብነት ናይ ኣምላኽ ነቶም ሓቀኛታት ኣመንቲ (ማቴ፡6፡32፤ ማቴ፡7፡11፤ ዮሃ፡8፡41-44፤ ዮሃ፡16፡27)፤ መንፈሳዊ ባህርያት ናይ እግዚኣብሄር (ዮሃ፡4፡19-26) ገሊጹ እዩ። ኣብ ርእሲ'ዚ ፍቓድ እግዚኣብሄር ክንስሑ (ሉቃ፡13፡1-5)፤ ብእኡ ክኣምኑ (ዮሃ፡6፡28)፤ ከም ኣምላኽ ፍጹማት ክኾኑ (ማቴ፡5፡48)፤ ኣመንቲ ንወንጌል ናብ ኩሉ ከብጽሑ (ማቴ፡28፡29) ምኳኑ ገሊጹ እዩ።

## 4. ብቅዱሳት ጽሑፋት ዝርከብ ምግላጽ

ኣብ ቅዱሳት ጽሑፋት'ውን ምግላጽ ኣምላኽ ይርከብ እዩ። እቲ ሓቀኛ ኣማኒ ኣብ ቅዱሳት ጽሑፋት እቲ ዝነጸረ ምግላጽ ከም ዘሎ ኣብ ኣእምሮኡ ወርትግ ጸኒዑ ዝነብር ሓቂ እዩ። እንተ ኾነ መጽሓፍ ቅዱስ ከም ነዞም ኩሎም ምግላጻት ዘጠቓለለ (ዝሓቖፈ) ምግላጽ ደኣ'ምበር፡ ከም ሓደ ካብኣቶም ጥራይ ጌርካ ክርቘሕ ዝግባእ ኣይኮነን። ንኣብነት ብዛዕባ ፍልጠት እግዚኣብሄር፡ ብዛዕባ እግዚኣብሄር ምስ ፍጥረቱ ዝገብሮ ምውሳእን ዘጊቡ ይርከብ። እዚ ድማ ናይ ቀደም ሰባት፡ ካብ ፍጥረትን ታሪኽን ሕልናን ከምኡ'ውን ካብ ዝረኣይዎ ተኣምራታት ዝሰምዕዎ ትንቢታት ካብ ህይወት ኢየሱስ ክርስቶስ ዝረኣይዎን ዝሰምዕዎን ከምኡውን ካብ ውሽጣዊ ተመክሮኦምን መለኮታዊ ምርሒትን ዝረኸብዎ ምግላጻት ዝጸሓፍዎ እዩ። ስለዚ ድማ ክርስትያን ንቅዱሳት ጽሑፋት እቲ ዝለዓለን ንበይኑ ምሉእን ዘይጋገ (only infallible) ምንጪ ናይ ምግላጽን፡ መሰረት ናይ ትምህርቲ ስነ መለኮትን ጌሮም ይወስዶ። ነዚ ኣርእስቲ እዚ'ውን እንተ ኾነ ብዛዕባ "መጽሓፍ ቅዱስ" ኣብ እነጽንዓሉ እዋን እምበር ኣብዛ ሓጻር ሕጡብ እዚኣ ክጠቓለል ዝኽእል ኣይኮነን።

*ምስ ኣምላኽ ሕብረት ምግባር ብዛዕባ ሓቅታቱ ዝጠለቐን ዝዓሞቐን ምግላጽ ንምርካብ ይሕግዝ እዩ።*

## 5. ኣብ ግላዊ ተሞክሮ ዝርከብ ምግላጽ

እዚ ኣብ መወዳእታ እንርእዮ ናይ ምግላጽ ኣምላኽ መንገዲ ድማ ሰባት ኣብ ዕለታውን ውልቃውን ህይወቶም ዝረኽብዎ ምግላጽ ኣምላኽ እዩ። ኣብ ኩሉ ዘመናት ዝነበሩ ደቂ ሰባት ምስ ኣምላኽ ቀጥታዊ ሕብረት ከም ዝነበሮም ይእመኑ እዮም። ብመገዲ ፍጥረት፡ ታሪኽ ወይ ሕልና፡ ወይ'ውን ብተኣምራት ወይ ብትንቢት ጥራይ ዘይኮነስ ብውልቃዊ ተሞክሮኦም ንእግዚኣብሄር ከም ዝፈልጥዎ ይምስክሩ እዮም። እዚ ሓቂ'ዚ ኣብ ብሉይ ኪዳን ተደጋጊሙ ተራእዩ እዩ። ሄኖክን ኖህን ምስ እግዚኣብሄር ተመላሊሶም (ዘፍ:5:24፣ ዘፍ:6:9)። እግዚኣብሄር'ውን ንኖህ ንኣብርሃም ንይስሃቅ ንያእቆብ ንሙሴ ንእያሱ ንጊደዎን ንሳሙኤል ንዳዊት ንኤልያስ ንኢሳይያስ ተዛሪብዎም እዩ (ዘፍ:6:13፣ ዘፍ:7:1፣ ዘፍ:9:1፣ ዘፍ:12:1፣ ዘፍ:26:24፣ ዘፍ:28:13፣ ዘፍ35:1፣ ዘጸ:3:4፣ ኢ.ያ:1:1፣ መሳ:6:25፣ 1ሳሙ:3:4፣ 1ሳሙ:23:9-12፣ 1ነገ17:2-4፣ ኢሳ:6:8፣)። ክምኡውን ኣብ ሓድሽ ኪዳን እግዚኣብሄር ኣቦ ምስ ክርስቶስ (ኣብ ምድሪ ከሎ) ተዛሪቡ። እግዚኣብሄር ምስቶም ሰለስተ ደቀ መዛሙርቲ'ውን ተዛሪቡ (ማቴ:3:16፣ ዮሃ:12:27፣ ማር:9:7)። እግዚኣብሄር ወልድ ኢየሱስ ክርስቶስ'ውን ድሕሪ ዕርገቱ ምስ ፊሊጶስ ምስ ጳውሎስን ምስ ሃናንያን ተዛሪቡ (ግብ 8:29፣ ግብ:9:4-6፣ ግብ:9:10)።

ነቶም ምስ እግዚኣብሄር ሕብረት ወይ ሓድነት ዝተሞከሩ ሰባት፡ እዚ ልምምድ እዚ ኣብ ህይወቶም ዓብይን ዝልውጥን ሓይሊ ኮይኑሎም እዩ። (መዝ:34:5፣ ዘጸ 34:29-35)። ምስኡ ሕብረት ብዝገብሩሉ መጠን፡ ብዝበለጸ ንእኡ እናመሰሉ ይኸዱ ነይሮም (ግብ:6:15፣ 2ቈረ:3:18)። ምስ ኣምላኽ ሕብረት ምግባር ብዛዕባ ሓቅታቱ ዝጠለቐን ዝዓሞቐን ምግላጽ ንምርካብ ይሕግዝ እዩ። ኣብ ውልቃዊ ተመክሮኻ ምግላጽ ኣምላኽ ምርካብ ድማ፡ መንፈስ ቅዱስ [illegible] ህይወትካ ጭቡጥ ፍረ ንምፍራይ ዝሕ[illegible] ምንጪ እዩ (ዮሃ:16:13፣ 2ጢሞ:3:16 2ጴጥ:1:25፣ 1ቈረ:2:10-13)። መንፈስ ቅዱስ፡ ኣብቲ ሰባት ብዝተፈላለየ መንገድታት ካብ ዝረኸብዎ ምግላጻት መምዩ መሪጹ፡ ኣብ መጻሕፍቲ ክምዝግብዎ መለኮታዊ ድርኺት ገይሩሎም እዩ። ስለዚ ድማ ኢና ብዛዕባ እግዚኣብሄር ክነጽንዓሉ እንኽእል ንትምህርቲ ስለ መለኮት ድማ ክውንነታዊ ዝገብር መሰረት ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ እንረክብ።

እግዚኣብሄር ብምግላጽ ይባርኽና!!

# መልሲ ጸሎት ምርካብ

*"ክምቲ ፍቓዱ ገርና ሓደ ነገር እንተለመን ናዮ ይሰምዓና እዩ። እቲ ኣብኡ ዘለና ትብዓት ድማ እዚ እዩ።ነቲ ዝለመንናዮ ዘበለ ክም ዝሰምዓና ካብ እንፈልጥ ድማ፣ እቲ ኻብኡ ዝለመንናዮ ልማና ድሮ ክ ም ዝረኸብናዮ፣ ንፈልጥ ኢና።"*

*1ዮሃ፡5፡14-15*

መልሲ ጸሎትና ምርካብ ሓደ ካብቶም ዘገድሱና ነገራት እዩ። ኣብዚ ቀረባ ጊዜ፣ ሓደ ሰብኣይ ናባይ መጺኡ ኣብ ስርሑ ሓንቲ ቦታ (Position) ክሕዝ ክጽልየሉ ሓተተኒ። "ብጣዕሚ እያ ተድልየኒ እታ ቦታ" በለ ደጊሙ።

ብሓደ ጸለና። ድሕሪ ብዙሕ ሰሙን ይረኽቦ እሞ "እታ ስራሕ ረኺብካያዶ" ኢለ ሓተትክዎ።

"ምእንትኣ ብዙሕ ጸልየ ነይረ፣ ግን ክምቲ ዝተጸበኽዎ ነታ ቦታ ካልእ ሰብ ሒዝዋ" በለኒ።

ኣነ ብልበይ "መልሲ ጸሎትካ ረኺ ብካ ኢኻ ምኽንያቱ እቲ ዝተጸበኻዮ ኢኻ ረ ኺብካ" በልኩ።

ብዙሓት ካባና ንጸሎት ከም ሓደ ናይ ዕድል ጉዳይ ገርና ንወስዶ ኣለና። "ዕ ድለኛ እንተ ኾይነ ኣብዚ ጊዜዚ ምናልባት እግዚኣብሄር ጸሎተይ ይምልሰለይ ይኸ

ጸሎት እቲ ዝበርትዐ ኣንቀሳቓሲ ሓይሊ ናይ ህይወትና እዩ።



ውን" ኢልና ንሓስብ። እቲ ዘሕዝን፣ ኩሉ ጊዜ ከምዚ ዓይነት ብጉድለት እምነት ዝ ጽለ ጸሎት ምህላው እዩ። ብግቡእ እንተ ጸሊና እግዚኣብሄር ንጸሎትና ከም ፍቓዱ ከም ዝምልሰልና፣ ጽሑፍ እዩ። ጸሎት፣ እቲ ዝዓበየ ሓይሊ ናይ ህይወትና እዩ። ጸሎት፣ ድሌት ናይ ወዲ ሰብ ዝገልጽ፣ ን ልቢ ኣምላኽ ዝትንክፍ ኣገልግሎት እዩ። ጸሎት እቲ ዝበርትዔ ኣንቀሳቓሲ ሓይሊ

ናይ ህይወትና እዩ። ደኹን እምበር ብግቡእ እንጽሊ ውሑዳት ኢና። እቶም ምጽላይ ዘይተማህሩ፣ ገና ብስጋ እዮም ዝ መላለሱ ዘለው። እቲ ዝዓበየ ኣብ ህይወቶም ክረኽብዎ ዝኽእሉ መንፈሳዊ ሓይሊ ኣይረኸበ ብዎን ኣለው ማለት እዩ።

ብእምነት ክንጽሊ ከለና ጥራይ ኢ ና፣ እግዚኣብሄር ኣብ ህይወትና ክዓዪ ክለ እንርእዮ። ነፍሲ ወከፍና ንእግዚኣብሄር ክ ም ቃሉ ነቲ ተስፋ ዝሃበና ከም ዝገብረልና ክንኣምኖ ይግብኣና። ንጸሓይ ደው ዘበለን ንባሕሪ ኤርትራ ዝመቐለን ኣ ምላኽ ንጸሎትና ክምልስ ይኽእል እዩ።

ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ፣ ጸሎት ኣብ ህይወተይ ከም ዝሰርሐ ዝገበሩ ብዙሓት ሓቅታት ረኺበ። ንዓኻትኩም ከኣ መታን ክሰርሓልኩም ምሳኻትኩም፣ ኮይነ ክርእዮም ባህ ይብለኒ።

## ናይ ተስፋ ቃሉ ምርዳእ

እግዚኣብሄር ዝሃበና ተስፋታት ብንጹር ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ተገሊጹ እዩ። ኢየሱስ ከኣ "ንዝኣምን ኩሉ ይከኣል እዩ" በለ (ማር፡9፡23)። ጸሎትና ንኽምለሰልና፣ ኣብ እግዚኣብሄር ሙሉእ እምነት ክህልወና ይግባእ።

እምነት፣ ብቕንዕና ናይ ቃል እግዚኣብሄር ምትእምማን እዩ። ብእምነት ክንጽሊ ከለና፣ ንእግዚኣብሄር ቅሩዕ ከም ዝኾነ ንእመን ኣለና ማለት እዩ። ክንጽሊ ከለና፣ ምስቲ ንኹሉ ዝኽእልን ንኹሉ ዝመልኽን ዝቆጻጸርን እግዚኣብሄር ንራኸብ ኣለና ማለት እዩ። እዚ እንድሕር ተረዲእና፣ መልሲ ጸሎትና ምስ ተቐበልና ኣይክንድነቕን ኢና።

ብዙሓት ሰባት ጸሎቶም ምስ ተመለሰ፣ ብምግራም ክገልጽዎ እርኢ። እዚ ኸኣ ብዙሕ ደስ ኣይብለንን። እግዚኣብሄር ጸሎትና ከም ዝምልሰልና ክንኣምንን ከም ዝገብሮ ክንጽበዮን ይግብኣና።




ዝተመለሰ ጸሎት፣ ክሳዕ ክንድኡ ኣዝዩ ዘገርም ተኣምራት ኣይኮነን ምኽንያቱ ክፍጸም ዘለዎ ናይ እግዚኣብሄር መንፈሳዊ ሕጊ ስለ ዝኾነ። ከም ፍቓዱ እንተ ጸሊና፣ ድላይና ከም ዝህበና ኣቐዲሙ ቃል ኣትዩልና እዩ። እዚ ኩሉ ጊዜ ዝዓዩ መለኮታዊ ሕጊ እዩ። ከም ፍቓዱ እንተደኣ ጸልየ፣ መልሲ ከም ዝረክብ ርጉድ እዩ።

"ገለ ነገር ከም ፍቓዱ እንተ ዘይጸለኹ'ኸ" ትብል ትኸውን። ፍቓዱ እንተ ደኣ ዘይኮይኑ፣ ኣየድልየካን እዩ።

ንኹሉ ድሌታተይ ኣብ ትሕቲ ፍቓዱ እንተ ደአ ኣግዚአዮ፡ ኣብ ህይወተይ ኩሉ ነገር ኣዝዩ ጽቡቕን ደስ ዘብልን ይኾነለይ።




ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ፡ ከም ፍቓዱ፡ ብጸሎት እንተ ደአ ቀሪብ እቲ ዝዓበየ እምነት ኣብ ኣምላኽ ገይረ ኣለኹ ማለት እዩ። እዚ ከምዚ ዓይነት ጸሎት "ኣምላኸይ፡ ኣብ ህይወተይ ካብ ነብሰይ ኣብሊጸ ንዓኻ ይኣምን" ይብል።

እምነት ትምኒት ኣይኮነን። ገለ ሰባት ነቲ ዝትምነይዎ ጥራይ እዮም ዝልምኑ (ከም ሓድሽ ገዛ ሓዳስ መኪና ዝኣመሰሉ)። ብእምነት ዝጽለ ጸሎት፡ ከምዚ ይብል "ኣምላኸይ ብዛዕባ እዛ መኪና ፍቓድካ እንታይ ከም ዝኾነ ኣፍልጠኒ"።

ናይ እምነት ጸሎት እግዚአብሄር ብዛዕባ እታ መኪና እቲ ዝሓሸ ከም ዝገብር ይኣምን። ናይ ትምኒት ጸሎት ግን "እግዚአብሄር እዛ መኪና ሃበኒ" ይብል። እንተ ዘይረኸብናያ ምስ እግዚአብሄር ምብኣስ ንጅምር። እዚ ጸሎት እዚ ናይ እምነት ጸሎት ኣይኮነን። እግዚአብሄር ዘይምምላሱ ድማ፡ ጉድለት ኣይኮነን።

ጸሎት ካብ ኣዎንታዊ ኣተሓሳስባ ንላዕሊ እዩ። ኣዎንታዊ ኣተሓሳስባ ዘለዎም ሰባት ይፈቱ እየ። ግናኸ ኣዎንታዊ ኣተሓሳስባ ንበይኑ መተካእታ ናይ ሓቀኛ ጸሎት ክኸውን ኣይክእልን እዩ። ብዙሕ ጊዜ ከም ዝረኣኽዎ፡ ሰባት፡ ሓደ ነገር ስለ ዝሓሰቡ፡ እግዚአብሄር ክገብሮ ኢዩ ኢሎም ይጽበዩ። እግዚአብሄር ግን ብኸምኡ ኣይኮነን ዝሰርሕ። ንሕና ጽቡቕ እዩ ኢልና ስለ ዝሓሰብናዮ ንእግዚአብሄር በቲ ናትና መገዲ ንኽሰርሕ ክነገድዶ ኣይንኽእልን ኢና።

ሓንቲ ዛንታ ክነግረኩም እየ። ኣብ ሓደ ከተማ እዩ፡ ሓደ ቆልዓ ልዕሊ ሰቡ ዓቕሚ ዘለዎ ይመስሎ ነበረ። ኣብዚ እምነቱ እዚ፡ ኣዝዩ ኣዎንታዊ ዝኾነ ኣተሓሳስባ ነበሮ። ኣከዳድንኡ ንኽብሩ ዝዳረግ ፍልይ ዝበለ ክኸውን ነዲኡ

እእመና። ኣብ ጎረባብቲ እናተዛወረ ንስ-ፍሉይን ልዑልን ምዃኑ ንኹሉ ሰብ ክነግር ጀመረ። ትስፉውን ጽቡቕ መጸኢ ክም ዘለዎ ዝኣምን ቆልዓ ነበረ። ገለ ገለ ቆልዑ'ውን በቲ ዝገብሮ ዝነበረ ጎስጓስ ክኣምንዎ ጀመሩ።

እቲ ወዲ "ኣነ ፍሉይን ልዑልን እየ" እናበለ ንዝረኸቦ ሰብ ይነግር ነበረ። ግናኸ ኣብ መወዳእታ ናይ ፈተና መዓልቲ መጸት። ሓደ መዓልቲ ሓደ ወዲ፡ "ፍሉይን ልዑልን እንተ ኴንካ ብግብሪ ኣርእይ" በሎ።

በቲ ባዕሉ ዝገብሮ ጌጋ ተፈንጢሩ፡ እቲ ቆልዓ ፍሉይ ምዃኑ እንደገና ኣትሪሩ ተዛረበ።

እቲ ሓታቲኡ ወዲ "በል ክንርእየካ፡ ንፈር" በሎ። እቲ ልዑል እየ በሃሊ ቆልዓ፡ ኣብ ልዕሊ ገዛ ናይ ጎረቤት ደይቡ ንኽነፍር ዘለለ። ኣብ መሬት ብሓይሊ ዱብ ኢሉ ወደቐ። ኢዱ'ውን ተሰብረ። ኩሉ እቲ ዝነበሮ ኣዎንታዊ ኣተሓሳስባታት ካብዛ ናይ ፈተና መዓልቲ ክድሕኖ ኣይከኣለን። ክም ዘይነበረ ኮይኑ ካብ ሰቡ ንላዕሊ ዋላ ሓንቲ ክም ዘይብሉን ተራ ክም ዝኾነን ብግብሪ ተረጋገጸ።

እቲ ዘሕዝን፡ መብዛሕትና ንእግዚኣብሄር በዚ ኸምዚ ኩነታት ኢና ንቐርቦ። እግዚኣብሄር በዚ መገዲ እዚ ክገብረለይ ኣለዎ ኢሎም ስለ ዝሓስቡ-ጥራይ ክምኡ ዝገብረሎም ይመስሎም። ክንልምን ክንውጥን ክንምድብ ካልእ እውን ክንገብር ንኽእል ኢና። ግናኸ ሕቶና፡ ክም ፍቓድ ኣምላኽ እንተ ዘይኮይኑ፡ እግዚኣብሄር ኣይምልሶን እዩ። ሓቀኛ እምነት ዘለዎ ሰብ፡ እግዚኣብሄር ንጸሎቱ ክም ፍቓዱ ክም ዝምልሶ ዝኣምን እዩ። እዚ ክምዚ ዓይነት ሰብ ኣብ ጸሎቱ እግዚኣብሄር ቅኑዕ ምዃኑ ይኣምን። ክምዚ ዓይነት ጸሎት፡ ኣብ ባህርይ እግዚኣብሄርን ጽቡቕ ኣተሓሳስብኡን (መደቡን) ናይ ዘለና እምነት መግለጺ እዩ።

## ናይ እግዚኣብሄር መምርሒ ምርካብ

መልሲ ጸሎትና ግድን ክም ፍቓድ ኣምላኽ ዝምልሰልና እንተ ኾይኑ፡ ኣብ ዝኾነ ይኹን ኩነታት ንፍቓዱ ክም እንእዝን ርዱእ እዩ። እቲ ደስ ዘብል፡ እግዚኣብሄር ንፍቓዱ ብግምት ክሰዕዮ ኣይሓድገን እዩ። ንፍቓዱ ብግልጽን ብዝርዝርን ዘረድእ መጽሓፍ ጽሒፉ እዩ። እዚ መጽሓፍ እዚ፡ መጽሓፍ ቅዱስ እዩ። ናይ እግዚኣብሄር ፍቓድ ኣብ ህይወትና እንታይ ክም ዝኾነ ብንጹር ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ተገሊጹ ኣሎ።

ፍቓድ ኣምላኽ ክንፈልጥ ምሉእ ትሕዝቶ ናይ መጽሓፍ ቅዱስ ብግቡእ ክንርዳእ የድሊ። ንፍቓድን ዕላማን ናይ ኣምላኽ ኣብ ህይወትና ዝገልጽ፡ መጽሓፍ ቅዱስ እዩ። ስለዚ ነፍሲ ወከፍ ጥቕሲ፡ ብምሉእ ትሕዝቶኣን፡ ምስቲ ካልእ ጥቕስታት ናይ መጽሓፍ ቅዱስ ብምዝማድን ክትትርጎም ይግባእ። ሓንቲ ንባብ ወሲድና፡ ምስቲ ኣብ ካልእ ዝተገልጹ ሓቅታት ከየገናዘብና ክንትርጉም ቅኑዕ ኣይኮነን።

"እቲ ናይ ኣምላኽ ሰብ፡ ንሰናይ ግብሪ ዘበለ ፈጺሙ ተዳልዩ፡ ፍጹም ምእንቲ ክኸውንሲ፡ መንፈስ ኣምላኽ ዝነፈሶ ዘበለ ጽሑፍ ንትምህርቲ፡ ንተግሳጽ፡ ንምቕናዕ፡ ንጽድቂ ዝኸውን ምእዳብ

ይጠቅም እዩ" ክብል ሃዋርያ ጳውሎስ ጸሓፈ (2ጢሞ፡3፡16-17)። ስለዚ ኩሎም መጸሕፍትን ምዕራፋትን ናይ መጽሓፍ ቅዱስ፡ ሰባት ብናይ እግዚአብሄር መንፈስ ተመሪሖም ዝጸሓፍዎም እዮም። በዚ ምኽንያት መጽሓፍ ቅዱስ ዕውት ናብራ ንኽትነብር ዘኽእል ናይ እግዚአብሄር ቓል እዩ።

ቅድሚ ክንጽሊ ምጅማርና፡ ነዚ ናይ ሓበሬታ መጽሓፍ ክንውከስ የድሊ። በቲ ቅኑዕ ኣንፈት ትጉዓዝ እንተለኻ መርምር። እቲ እትጽልዮ ዘለኻ ጸሎት ምስቲ ዝተገልጸ ቃል ኣምላኽ ዝቃዶ እንተ ኾይኑ ኣረጋግጽ። ነቲ ናቱ መሰረታዊ መምርሒ (ሓቂ) ንዝጸረረ ጸሎት፡ ኣይምልሶን እዩ።

ፍቓድ ኣምላኽ ኣብ ህይወትና እንታይ ከም ዝኾነ ንኽንፈልጥ፡ ናይ መንፈስ ቅዱስ ምርሒት'ውን የድልየና እዩ። "እቲ መንፈስ ሓቂ ምስ መጸ ግና፡ ንሱ ዝሰምዖ ዘበለ እዩ ዝዛረብ እምበር ካብ ርእሱ ኣይዛረብን እዩ እሞ፡ ንሱ ነቲ ዝመጽእ ክፍልጠኩም፡ ናብ ኩሉ ሓቂ'ውን ኪመርሓኩም እዩ" (ዮሃ፡16፡13)። መንፈስ ቅዱስ ኣብ ናይ ነፍሲ ወከፍ ኣማኒ ኣእምሮን ልብን ይነብር። ኣብቲ ምስ ኣምላኽ ዘለና ዕለታዊ ርክብ፡ መንፈስ ቅዱስ፡ ይምህረና፡ ይመርሓና፡ ይረትዓናን የተባብዓናን እዩ። ከይሓሰብናዮ በቲ ክንከዶ ዝግበኣና መንገዲ ይመርሓና።

እዚ ማለት መንፈስ ቅዱስ ኣንጻር መጽሓፍ ቅዱስ ይመርሓና እዩ ማለት ኣይኮነን። ንሱ በቲ ሓቀኛ መገዲ ኣምላኽ እዩ ዝመርሓና። ኩሉ ጊዜ፡ ፍቓድ ኣምላኽ ምስ ቃል ኣምላኽ ከም ዝሰማማዕ ዘክር። ቅዱስ ኣእምሮ እንተለና'ውን ፍቓድ ኣምላኽ ብእኡ ክንፈልጥ ንኽእል ኢና። ኣእምሮና ብመንፈስ እንተ ተሓዲሱን ተለዊጡን ብናይ እግዚአብሄር ሓቂ እዩ ዝመልእ። እቲ ካብ ናይ ዓለም ምሁራት እትረኽቦ ምኽሪ፡ ካብቲ ኣብ ቃል ኣምላኽ ዝተገልጸ ሓቂ ኣዚዩ ዝተሓተን ዝነኣሰን እዩ።

*እምነት ትምኒት ኣይኮነን። ገለ ሰባት ነቲ ዝትምነይዎ ጥራይ እዮም ዝልምኑ።*

ኣፍ ደገታት ናይ ዕድል'ውን እግዚአብሄር ስለ ዝኸፍቶም ፍቓዱ ብኦኦም ክንፈልጥ ንኽእል ኢና። እግዚአብሄር እዩ ክኸፍትን ክዓጹን ዝኽእል። ኣፍ ደገ ናይ ኣገልግሎት እንተ ተዓጽዩካ፡ ፍቓድ ኣምላኽ ከም ዘይኮነ ክተረጋግጽ ትኽእል ኢኻ። ኣፍ ደገ ናይ ኣገልግሎት እንተ ተኸፊቱልካ'ውን፡ ንሱ ፍቓዱ ምዃኑ

ክትፈልጥ ትኽእል ኢኻ። ኣብ ሓደ እዋን ክልተ ወይ ሰለስተ ኣፍ ደገታት ክኸፍተልካ ከም ዝኽእል'ውን ምግንዛብ የድሊ። ንስኻ ካብኣቶም ሓደ ትመርጽ። ካብቶም ዝተኸፍቱልካ ደገታት፣ ካብ ሓደ ንላዕሊ ብፍቓዱ ተቐባልነት ዘለዎም ክኾኑ ይኽእሉ እዮም። ንስኻውን ካብኣቶም ክትመርጽ ትኽእል። መብዛሕትና፣ ኣብ ሓደ ጊዜ፣ ካብ ሓደ ንላዕሊ ክፉት ኣፍ ደገ ኣይንረክብን ኢና። ስለዚ እታ ዝተኸፍተትልና ኣፍ ደገ ፍቓዱ ምዃና ክነረጋግጽ ንኽእል ኢና። ሓንሳእ ሓንሳእ፣ ፍቓድ ኣምላኽ ንኽትፈልጥ፣ ንስኻ መን ኢኻ፣ ኣበይ ኣለኻ፣ ብዙሕ ኣገዳሲ ኣይኮነን። እቲ ቀንዲ ዘገድስ፣ እግዚኣብሄር ንኽጥቀመልካስ ኣብቲ እግዚኣብሄር ዝደልየካ ቦታ'ዶ ኣለኻ እዩ። ቅድሚ ብዙሕ ዓመታት ዝሰማዕክዋ ዛንታ ትዝ ትብለኒ። ሓደ ናይ ሓንቲ ከተማ ኣማሓዳሪ እዩ፣ ናብ ሓንቲ ሆስፒታል ክበጽሕ ይኸይድ። ኣብኡ ከሎ፣ ቴሌፎን ክድውል ይደሊ። ሽዑ ናብታ ኦፐሬተር ደዊሉ "ሄሎ፣ ኣማሓዳሪ እየ። በጃኺ እንዶ ናይ ደገ መስመር ሃብኒ" በላ።

እታ ኦፐሬተር ስለ ዘይመለሰትሉ፣ እቲ ኣማሓዳሪ ድምጹ ዓው ኣቢሉ ሓውሲ ቁጥዓ ጌሩ፣ እንደገና ናይ ደገ መስመር ሓተተ። ኣብ መወዳእታ፣ ተስፋ ቆሪጹ፣ እቲ ኣማሓዳሪ "መን ምዃነይ ፈሊጥክኒ'ዶ ኣለኺ? ኣነ እኮ ኣማሓዳሪ እየ" ኣላ። እታ ኦፐሬተር ትቕብል ኣቢላ "መን ምዃንካ ኣይፈለጥኩን፣ ግናኸ ኣበይ ከም ዘለኻ እፈልጥ እየ!" በለቶ ይበሃል። ድምጺ ኣምላኽ ምእንቲ ኽትሰምዕ፣ ኣብ ግቡእ ቦታኻ ካብ ትኸውን ክንደይ ጌርካ ኣለኻ?

ፍቓድ ኣምላኽ ኣብ ህይወትካ እንታይ ከም ዝኾነ ንኽትፈልጥ፣ መጽሓፍ ቅዱስ ምምርማርን ንእግዚኣብሄር ምሕታትን ካብ ትጅምር ክንደይ ጌርካ? ምጿምን ምጽላይን፣ ኩለንትናኻ ብምልኣት ንእግዚኣብሄር ምሃብን ካብ እትጅምር'ከ ክንደይ ጌርካ?

በዚ ኸምዚ መገዲ ጥራይ ኢና ነቲ ሙሉእ ፍቓድ ኣምላኽ ኣብ ህይወትና ክንፈልጦ ንኽእል። ንፍቓዱ ምድላይ ኣይተቋርጽ። ምድላይ፣ ምኹሕኳሕ፣ ምምርማር ኣይተቋርጽ። ፣ ከምቲ ፍቓዱ ጌርና ሓደ ነገር እንተ ለመንናዮ [illegible] ዝሰምዓና ስለ እንፈልጥ፣ ኣብ ቅ[illegible] ኣምላኽ ትብዓት ኣሎና፣ ከም ዝበለ ን[illegible] (1ዮሃ፡5፡14)።

## ናይ እግዚኣብሄር ብርሃን ምንዳይ

ኣብ ጸልማት ደምበርበር ካብ ምባል ዝኸፍእ ነገር የለን። ሓንሳእ ሓንሳእ ናይ እግዚኣብሄር ኣንፈት ንኽንረክብ ክምኡ ደንበርበር ንብል ንመስል። ኣብዚ ቀረባ ጊዜ ሓደ መንእሰይ ነጋዳይ ንሓደ ኣገልጋሊ ከምዚ ክብል ሓተቶ፣ "መጽሓፍ ቅዱስ ኣንቢበ፣ ጸሎት ጸልየ፣ ብትዕግስቲ መልሲ ተጸቢየ፣ ግናኸ ዋላ ሓንቲ ኣይረኸብኩን። ስለዝስ እንታይ እንተገበርኩ ይሓይሸ።"

እቲ ኣገልጋሊ ነቲ መንእሰይ "ኣብ ህይወትና፣ ኩሉ እቲ ንፈልጦ ጽቡቕ ጌርና፣ በቲ ቅድሚ ሕጂ ዝሃበረና ሓቂ (ብርሃን) ጌርና ጸሎትና ክንቅጽል ዘድልየና ጊዜ ኣሎ" በሎ። እቲ ምሉእ ናይ እግዚኣብሄር መምርሒ ንህይወተይ

ኣይፈልጠን እኸውን፡ ግናኸ በታ ቅድሚ ሕጂ ዝነበረትኒ ብርሃን፡ ሕጂ ንቕድሚት እንዓዝ ከም ዘለኹ እፈልጥ።

ንጉስ ናቡከደነፆር፡ ንእስራኤላውያን ነቲ ዘቐሞ ምስሊ ንኽሰግዱሉ ትእዛዝ ምስ ኣመሓላለፈ፡ ስለስተ እብራውያን መንእሰያት ነቲ ትእዛዝ ኣየኸበርዎን። ሲድራቅ፡ ሚሳቅ፡ ኣብደናጎ መርገጺኦም ምስ ኣነጸሩ፡ ናብ ብርቱዕ እቶን ጓህሪ ሓዊ ክድርበዩ ተወሰነ። ግናኸ ምስቲ ኹሉ ፍርሓም፡ ከምዚ ኢሎም ደኣ ብትብዓት መለሱ፡ "ኦ ንጉስ እቲ እነምልኾ ኣምላኽ ካብቲ ጉሁር እቶን ሓዊ ኼናግፈና ይኽእል እዩ። ካብ ኢድካውን ኬናግፈና እዩ። ንሱ ኬናግፈና እንተ ዘይፈተወ ንሕናስ ንኣማልኽትኻ ከም ዘይነምልኾም፡ ነቲ ዘቖምካዮ ምስሊ ወርቂ'ውን ከም ዘይንሰግደሉ ፍለጥ" በልዎ።

ኣስተውዕል፡ እዞም መንእሰያት፡ ንፍቓድ ኣምላኽ ብሓደ መገዲ ኣይተጸበይዎን። ንኽልቲኡ፡ ንሞት ወይ ንህይወት ቁሩባት ነበሩ። ሓዲኡ ካብ ቁጥዓ ናይ ንጉስ ዘድሕን ክኸውን ይኽእል እዩ። ከም ፍቓድ ኣምላኽ ንህይወቶም ካብ ክልቲኡ ሓዲኡ ክቕበሉ ፍቓደኛታት ኔሮም። ንእግዚኣብሄር ብምሉእ ልቦም ይኣምንዎ ኔሮም። ናይቲ ውሳኔኦም ሳዕቤን ኣብ ኢድ ኣምላኽ ጌሮሞ ነይሮም።

ኵናት ኣብ መንጎ መንግስታት ኣሜሪካ እናተኻየደ ከሎ፡ ጀነራል ሮበርት ሊ፡ ናብ ቤተክርስትያን ከይዱ ተምበርኪኹ ጸለየ። ካብ ቤት ክርስትያን እናተመልሰ፡ "ደቡብ ንኽትስዕር'ዶ ክትጽሊ ጸኒሕካ" ኢሉ ሓደ ሰብ ሓተቶ። እቲ ጀነራል ግን "ኣይኮነን፡ ንሕና ክንስዕር ኣይጸለኹን፡ ፍቓድ ኣምላኽ ይኹን ኢለ እየ ጸልየ" በሎ። ጸሎት በዚ ከምዚ መገዲ እዩ ዝጽለ።

ብቐሊሉ ክንጽሊ ንኽእል ዝመስለና ጊዜታት እኳ እንተሃለወ፡ ጸሎት ግን ቀሊል መስርሕ ኣይኮነን። ምኽንያቱ፡ ምጽላይ ዝኣብየና ጊዜታት'ውን ስለ ዘሎ። ኣብ ከምዚ ዓይነት ጊዜታት እምነትና ትፍተን እያ።

ኣብ ዘይምቹእ ኩነታት "ጎይታይ፡ ፍቓደይ ዘይኮነስ ፍቓድካ ይኹን" ኢልና ክንጽሊ እንተ ክኢልና፡ እግዚኣብሄር በቲ ንዓና ዝበለጸ መገዲ ከም ዝምልሰልና ርግጸኛታት ክንከውን ንኽእል ኢና።

ሓደ ዓብይ ናይ ዝሓለፈ ዘመን ኣገልጋሊ፡ "ንኢድ ኣምላኽ ኩሉ ጊዜ ኣይንርእያን ንኸውን፡ ንልቢ ኣምላኽ ግን ኩሉ ጊዜ ንኣምኖ ኢና" ኢሉ።

ጸሎትና ከም ዝምለስ ከመይ ጌርና ከነረጋግጽ ንኽእል? ብእምነት ምጽላይ ክንመሃር ከለና እዩ። ጸሎትና ንኽምለስ ኣማኒ ልቢ ክህልወና ይግባእ። ካብኡ ዝተረፈ ንኣምላኽ ንሓድገሉ። ሓንሳእ፡ ናይ ተስፋ ቓሉ ተረዲእና፡ ኣንፈት ፍቓዱ ረኺብና (ፈሊጥና) ክንጽሊ እንተ ኽኢልና፡ ድሕሪኡ፡ ነቲ ዝተገልጸልና ሓቂ ኣሚንና፡ ብእኡ ብእምነት ምጉዓዝ እዩ ዝተርፈና።

ጸሎት ናይ ልቢ ጉዳይ እዩ። ጸሎት ብኽያት ናይ ሓድሽ ዝተወልደ ህጻን ወዲ ኣምላኽ እዩ። ኣብ ጊዜ ሽግርና ሓገዝ ንምርካብ ናብ ኣምላኽ ንጽውዓሉ እዩ። ጸሎት ንክርስትያን ልክዕ ከም ንቆልዓ ትንፋሱ እዩ። ልቢ ናይ ሰብ፡ ንልቢ ኣምላኽ ክትጽውዓ እንከላ፡ ጸሎት ይበሃል።

# ብስም ኢየሱስ ምጽላይ

*በታ መዓልቲ እቲኣ ሓንቲ እኳ ኣ ይክትሓቱን ኢኹም። ነቦ ብስመይ ዝለመንኩ ምዎ ዘበለ ኩሉ ከም ዚህበኩም ብሓቂ ብሓቂ እብለኩም ኣሎኹ። ክሳዕ ሕጂ ብስመይ ሓንቲ እኳ ኣይለመንኩምዎን ሓጉስኩም ምሉእ ምእን ቲ ክኸውንሲ ለምኑ ክትረኽቡ ኢኹም*

*(ዮሃ፡16፡23-24)።*




ንእሽተይ ከለኹ፡ ብዙሕ ጊዜ ሰባት ክጽልዩ ኸለው ኣብ መወዳእታ፡ ጸሎቶም ክዓጽው ከለው "ብስም ኢየሱስ ኣሜን" ኢሎም ክድምድሙ እሰምዕ ነይረ። እዚ ኸኣ ጽቡቕን ቅቡልን መደምደምታ ናይ ጸሎቶም እዩ ኢለ ይሓስብ ነይረ። ከምዚ ኣብ ፈነወ ሬድዮ ዘሎ መዕጸዊ መዝሙር፡ ከምኡ ዝጥቀሙሉ ይመስለኒ ነይሩ። ደሓር ግን፡ ብስም ኢየሱስ ምጽላይ እቲ ኣዚዩ ኣገዳሲ ክፍሊ ናይ ጸሎትና ምዃኑ ተረዲኡኒ። ንእንጽልዮም ጸሎት መልሲ ንኽንረክብ፡ ስም ኢየሱስ መፍትሕ እዩ ዝኾነና።

ስም ኢየሱስ ከይጠቐስካ ክትጽሊ ትኽእል ኢኻ፡ ግናኸ እቲ ዓብይ ሓይሊ ናይ ጸሎት ትስእኖ ኣለኻ ማለት እዩ። ምእንቲ ኢየሱስ ኢልካ ክትጽሊ ትኽእል ኢኻ። ጸሎት ግን ምእንቲ ኢየሱስ ዘይኮነ ምእንታና እዩ። ብስሙ ምጽላይ ማለት ብስልጣኑን ብቲ ሓይሊ ናቱን ምጽላይ ማለት እዩ። ብሓቂ ኅይታና ባዕሉ ብስሙ ክንጽሊ ምሂሩና እዩ። ክምኡ እንተ ጌርና፡ ጸሎትና ክም ዝምልሰልና ቃል ኣትዩልና እዩ።

ቀደም፡ ሕጋዊ ወኸሳታት ብኢድ ብሰብ እዩ ዝበጽሕ ነይሩ። እዞም ወኸሳታት፡ ብናይ ንጉስ እዚ ተጻሒፎም ናይ ንጉስ ማሕተም ይግበረሎም ነይሩ። እቶም ብቓል ዝመሓላለፉ ትእዛዛት፡ "ብስ

"ም ናይ" ወይ "ብስልጣን ናይ" ሓደ አገዳሲ (ክቡር) መራሒ ይወሃቡ ነይሮም። እዚ እዩ አገዳስነት ናይ ብሽም ኢየሱስ ምጽላይ። ብስሙ ምጥቃም አብ ህይወትና ጐይታና በዓል ስልጣንን ከምዝኾነ የርኢ።

## *ጸብለልትነት ስም ኢየሱስ*

ናይ ግሪኽ ቃል "ክርስቶስ" ከአ "ቅቡእ" ወይ "መሲህ" ማለት እዩ። ስለዚ ኢየሱስ ናይ ጐይታና ናይ ውልቁ ስም ክኸውን ከሎ፥ ክርስቶስ ከአ መጸውዒ ማዕርጉ እዩ።

አገዳስነት ስም ኢየሱስ አብ መጽሓፍ ቅዱስ ብንጹር ተጻሒፉ አሎ። ከምዚ ዝብል "ስለዚ ከአ አብ ሰማያትን አብ ምድርን አብ ትሕቲ ምድርን ዘሎ ኩሉ ብርኪ ብስም ኢየሱስ ምእንቲ ክንብርክኽ ልሳን ዘበለ'ውን ንኽብረ እግዚአብሄር አቦ ኢሉ ኢየሱስ ክርስቶስ ጐይታ ምዃኑ ክእመን እዩ አምላኽ ናብ ልዕሊ ኩሉ ልዕል ዘበሎ ካብ ኩሉ ስም ልዕል ዝበለ ስም ውን ዝሃቦ" (ፊሊ፡2፡10-11)። ነፍሲ ወከፍ ሰብ፥ ጐይትነትን ስልጣንን ናይ ክርስቶስ ክእመን እዩ።

ንስም ኢየሱስ አዝዩ ፍሉይ ዝገብርዎ፥ ብዙሓት ነገራት አለው።

## *1. ኢየሱስ ካብ ሰማይ ዝተዋህበ ስም እዩ*

መጽሓፍ ቅዱስ ከም ዝብለና፥ እቲ ንቅድስቲ ድንግል ማርያም ዘበሰራ ገብርኤል መልአኽ ነቲ ዝውለድ ህጻን መን ከም ትሰምዮ ነጊርዋ እዩ። (ሉቃ፡1፡31)። ነዛ ስም እግዚአብሄር ባዕሉ መረጸ፥ መልአኹ ልኢኹ ድማ ከም እትፍለጥ ገበራ።

አገዳስነት ስም ኢየሱስ፥ እግዚአብሄር ባዕሉ ስለ ዝመረጸ እዩ። መድሓኒ ዝብል ስም ነቲ ስጋ ዝለበሰ ወዲ አምላኽ፥ ግቡእን ልክዕን ስም እዩ። ብዛዕባ እዚ ስም እዚ አብ መጽሓፍ ቅዱስ አብ ግብ፡4፡12 ከምዚ ዝብል ተጻሒፉ አሎ "ብእኡ ክንድሕን ዚግባእ ካልእ ስም አብ ትሕቲ ሰማይ ንሰብ አይተዋህበን እሞ፥ ምድሓን ብሓደ ካልእ ከቶ የልቦን"። ዋላ ሓደ ካልእ ስም ከድሕን ዝኽእል የለን። ስም ኢየሱስ ጥራይ እዩ ከድሕን ዝኽእል።

*ስም ኢየሱስ ከይጠቐስካ ክትጸሊ ትኽእል ኢኻ፥ ግናኸ እቲ ዓብይ ሓይሊ ናይ ጸሎት ትስእኖ አለኻ ማለት እዩ።*



## *2. ኢየሱስ ናይ ተስፋ ስም እዩ*

እግዚአብሄር ንወዱ ናብ ዓለም ዝለአኸ ተስፋ መንግስቲ ሰማይን ዘልአለማዊ ህይወትን ክህበና ኢሉ እዩ። እቲ መልአኽ ንዮሴፍ፥ እቲ ዝውለድ ህጻን "ንህዝቡ ካብ ሓጢአቶም ከድሕኖም እዩ" ኢሉ ቃል አትዩሉ እዩ (ማቴ፡1፡21)። ሃዋርያ ጴጥሮስ "ስም እግዚአብሄር ዚጽውዕ

ዘበለ ኺድሕን እዩ" ኢሉ (ግብ፡2፡21)። ሃዋርያ ጳውሎስ'ውን ኣብ ሮሜ፡10፡13 "... ነፍሲ ወከፍ ስም እግዚኣብሄር ዝጽውዕ ዘበለ ክድሕን እዩ። ንሱ ሓደ ጐይታ እዩ። ነቶም ዝጽውዕዎ ኩሎም'ውን ሃብታም እዩ እሞ ኣብ መንጎ ኣይሁዳውን ጽርኣውን ሌላን ጉሌላን የልቦን።" ብምባል ተመሳሳሊ መልእኽቲ ኣመሓላሊፉ እዩ።

ዋላ ሓደ ካልእ ስም፡ ከምዚ ዓይነት ሕድገት ሓጢኣትን ምድሓንን ክገብር ዝኽእል የለን። ኣብ ስም ኢየሱስ ሓይሊ ኣሎ። ስሙ ናይ ተስፋ ስም እዩ፡ ንልቢ ሰባት ከኣ ዘተኣማምን እዩ።

ስም ኢየሱስ ከልዕል ከለኹ ልዕሊ ኩሎም ካልኦት ኣስማት ክብሪ እህቦ። ንልቢ ሓጎስ ንልሳን መቐረት ዝፈጥር ስም ኢየሱስ ጥራይ እዩ። ስም ኢየሱስ ክርቋሕ ከሎ፡ ሰሓቕ ኘኸናፍር፡ ጮራ ተስፋ ኸኣ ንልቢ የምጽእ። ተስፋ ክቐርጽ ከለኹ፡ ሽም ኢየሱስ እጽውዕ እሞ ተስፋ ኣብ ልበይ ክመልእ ይጅምር።

### *3. ኢየሱስ ናይ ክብሪ ስም እዩ*

ስም ኢየሱስ ምስ ዓወትን ድሕነትን ኣተሓሒዝና ኢና ንርእዮ። ከምቲ ኢያሱ ኣብ ብሉይ ኪዳን ንጸላእቲ እስራኤል ስዒሩ ንህዝቡ መሪሑ ናይ ተስፋ ሃገር ዝወረሰ፡ ከምኡ ድማ ኢየሱስ፡ ንሓይሊ ሰይጣን ስዒሩ፡ ዘልኣለማዊ ህይወት ሂቡ፡ መንግስተ ሰማይ ክንወርስ ኣብቂዑና እዩ። ኢያሱ ናብ ምድሪ ከንኣን መሪሑ፡ ስሙ ኸኣ ንእስራኤላውያን ተስፋ ምድሓን ክኸውን ከሎ ንልቢ ጸላእቶም ግና ፍርሒ የውድቐሎም ነይሩ።

ኣብ ቅድሚ ኢየሱስ ክርስቶስ ኣጋንንቲ የንቀጥቅጡ ነበሩ። "ምሳኻ'ሞ እንታይ ኣሎና?" እናበሉ ይጭድሩ ነበሩ። ሰይጣን ብሓጢኣት ክፍትና ኣይከኣለን። መንግስቲ ሮም ኣይሰዓረቶን። እቶም ናይ ሃይማኖት ምሁራት ክረትዕዎ ኣይከኣሉን። መስቀል'ውን ጠጠው ኣየበሎን። ኢየሱስ ናብ እዛ ዓለም ዝመጸ ምእንቲ ሓጢኣትና ክመውትን ኣብ ሳልስቲ ክትንስእን እዩ። በዚ ተግባር እዚ፡ ንርእሲ ሰይጣን ኣብ ትሕቲ እግሩ ረጊጹ፡ ንኹሎም እቶም ሕጉስ ክርስትያናዊ ህይወት ክነብሩ ዝመረጹ ደገ ከፊትሎም እዩ።

ኣብ ስም ኢየሱስ ሓይሊ ኣሎ። ስሙ ናይ ተስፋ ስም እዩ፡ ንልቢ ሰባት ከኣ ዘተኣማምን እዩ።

ኣብ ቤተ ክርስትያንና እዩ፡ ሓደ መንእሰይ ንሓደ ኣገልጋሊ "ኩሉ ነገር ብጣዕሚ ጽቡቕ ደኸውን ኣሎ እንታይ ከም ዝገብር ኣይፈልጥን እየ" በሎ። ብዛዕባቲ ኣብ ኢየሱስ ዘለዎ እምነትን ምስኡ

ዘለዎ ዝምድናን ክዛረብ ከሎ፣ ናይ ሓጎስ ንብዓት ካብ ኣዒንቱ ይፈስስ ነበረ።

**ብደም ኢየሱስ ክርስቶስ ብምልኣት ናብኡ ምእታው ከም ዝተኻእለ ክርኢ፣ እግዚኣብሄር ነቲ ከልካሊ መጋረጃ ከፈቶ።**

እቲ ኣገልጋሊ፣ ነዚ መንእሰይ "እን ታይ ከም እትገብር ኣይትጨነቕ። ነዚ ረ ኺብካዮ ዘለኻ ሓጎስ ኣስተማቕሮ፣ ብኡ ኸኣ ቐጽል" በሎ።

ብምድሓንና ኻኽንሕጎስ፣ መንግስተ ሰማይ ክሳዕ እንኣቱ ክንጽበ ኣየድልየናን እዩ። ዜግነት ናይ መንግስቲ ኣምላኽ ኣ ቐዲምና ሒዝና ኢና። ዘልኣለማዊ ህይወት ኣብ ልብና ኣለና። እታ ናይ ተስፋ ሃገር ዛጊት ናትና ኮይና እያ። እቲ መንፈሳዊ ህይወትና ብምልኣት ክንነብሮ ይግብኣና።

ገለ ክርስትያናት መንፈሳው ያን ኻኸኹ፣ ናይ ግድን መከረኛታት ክኾኑ ዘለዎም ይመስሎም። ኢየሱስ ኣብ ዮሃ፥10፥10 "... ኣነ ግና ህይወት ምስ ተረፉ ምእንቲ ኺረኽባ እየ ዝመጻእኩ" ኢ ሉ። ንሱ ኣብ ህይወትና ዓብይ መደብ ኣለዎ። ንመደቡ ኸኣ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ስ ጉሚ ናይ መገድና ይገልጸልና እዩ።

## ሓይሊ ስም ኢየሱስ

ጐይታና ኢየሱስ ብዛዕባ ጸሎት ክምህር ከሎ፣ ደቀ መዛሙርቱ ብስሙ ክጽልዩ ኣተባብዖም (ዮሃ፥16፥33)። በዚ ኸ ኣ ንሓይልን ስልጣንን ናይ ስሙ ከም ዘተኮረሉ ንርዳእ። ካብኡ ሓሊፉ፣ ዝኾነ ይ ኹን ብስሙ ዝጸለናዮ ጸሎት ከም ዝህበና ቃል ይኣትወልና።

ከም ፍቓዱ እንተ ጸሊና፣ ጸሎትና ከም ዝምልሰልና ርግጸኛታት ክንከውን ንኽእል ኢና። <u>ኣብ ናይ ክርስት ያናት ጸሎት፣ ትሕትና ዝመልኦ ምትእምማን ክህሉ ይግባእ።</u> ጸሎት ብድፍረት ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ነቕርቦ ነገር ኣይኮነን። ጸሎት ናይቲ ኣብ ውሽጢ ልብና ዘሎ እምነት መግለጺ እዩ።

ብስስዐ ንስጋዊ ድሌትና ከ ነማልእ ኢልና ክንጽሊ ኣይንኽእልን ኢ ና። ንኣብነት ዘይናትካ ገንዘብን ንብረትን ክትሓትት ኣይትኽእልን ኢኻ። ጸሎትና ኣ ብ ምምላስ፣ ናይ እግዚኣብሄር ሓይሊ፣ በቲ ዘይሓጥእ ቅዱስ ባህሪኡ ይድረት እ ዩ። ብኻልእ ኣዘራርባ፣ እግዚኣብሄር ነቲ ስ ጋዊ ድሌትና ኻኽዕግብ ኢሉ ዘይቅኑዕ ነገር ኣይገብርን እዩ።

ኣብ ግብሪ ሃዋርያት ጴጥሮስን ዮውሃንስን ናብ ቤት መቕደስ ክኣትው ከ ለው፣ ሓደ ለማኒ ኣብቲ ኣፍ ደገ ጸኒሑ ደው ከም ዘበሎም ነንብብ። ጴጥሮስ

ብድንጋጸ ተመሊኡ "ወርቅን ብሩርን የ ብለይን እቲ ዘሎኒ ግና እህበካ፡ ብስም ኢ የሱስ ክርስቶስ ናዝሬታዊ ተንስእ እሞ ኪ ድ" በሎ (ግብ፡3፡6)። ነቲ ሰብኣይ ደጊፉ መስ ኣተስአ "ኽኸይድን ክሰራሰርን ንእ ምላኽ ከመስግንን" ጀመረ። እቲ ንዕኡ ዝ ፈወሶ ሓይሊ ስም ኢየሱስ ነበረ።

ጴጥሮስ ነታ ክርስቶስ ብስሙ ኩሉ ነገር ክሓቲ ዝኣዘዞም ትእዛዝ ኣብ ግብሪ ብምውዓል፡ ነዚ ለማናይ ካብ ድናስኡ ኣ ሕወዮ። ደሓር በቶም ሰብ ስልጣን ተሓቲቱ ክምልስ ከሎ፡ እዚ ተኣምራት እዚ ብስም ኢየሱስ ከም ዝተገብረ ነገሮም። ጴጥሮስ "ብስሙ ምእማን ከኣ፡ ስ ሙ ነዚ እትርእይዎን እትፈልጥዎን ሰብኣ ይ ኣጽንዖ፡ እታ ብእኡ ምእማን ድማ ነዚ ኣብ ቅድሚ ኩላትኩም ምሉእ ጥዕና ሃበቶ" በሎም (ግብ፡3፡16)። ስለዚ ጴጥሮስ ነቶም ሰማዕቲ፡ ክንስሑን ክድሕኑን ተማሕጸኖም (ግብ፡3፡19-20)።

ጴጥሮስ፡ እቲ ዝተንስአ ክርስቶስ፡ ናብ ሰማይ ከም ዝዓረገ፡ ብኽብርን ብስ ልጣንን ኣብ የማን ኣቦ ከም ዝተቐመጠ ይፈልጥ ነይሩ። ብሓይሊ ስም ኢየሱስ፡ ብትብዓት፡ ክጽሊ ከም ዝኽእል ይፈልጥ ነይሩ።

## ሓለፋ ናይ ስም ኢየሱስ

ስም ኢየሱስ ብኸንቱ ክነልዕል ኣይግባእን እዩ። መጽሓፍ ቅዱስ ስም ኣምላኽ ብከንቱ ኽይነልዕል የጠንቅቐና እዩ። እዚ ማለት ከኣ፡ ዘይግብኣና ነገር ኣምላኽ ክገብረልና ዘይምሕታት ማለት እዩ። ጐይታና ኢየሱስ ንደቀ መዛሙርቱ ብስሙ ንኽጽልዩ ክእዝዞም ኔርዎ። "ክሳዕ ሕጂ ሓንቲ እኳ ብስመይ ኣይለመንኩ ምን..." ኢልዎም (ዮሃ፡16፡24)። ድሕሪኡ ብስሙ ክጽልዩ ከም ዘለዎም ኣዘዞም።




ጐይታና ኢየሱስ ምድራዊ ተልእኾኡ ናብ ምዝዛም ገጹ እዩ ነይሩ። ኣብ መስቀል ቀራንዮ ኣብ ክንዲ ሓጢኣትና፡ ደሙ ኣፍሰሰ። ብሓይሊ ትንሳኤኡ ንሓጢኣትን ሞትን ሰዓሮም። ገንሸል ኣምላኽ ኮይኑ፡ ኣብ ክንዲ ሓጢኣትና ተሓሪዱ፡ ኣብ ልዕሊ ሓጢኣት ተዓ ዊቱ ንምድሓንና ኣብ መስቀል ሓተሞ።

ድሕሪ ትንሳኤኡ፡ ኢየሱስ ናብ ሰማይ ዓረገ። ኣብኡ ምእንታና ናብ ኣቦ

ይጽሊ ኣሎ። ንሱ ንጸሎትና ብኣካል ናብ እግዚኣብሄር ኣቦ የቕርበልና። ኣብ ሰማ ያት ጠበቓና ኮይኑ የገልግለና። ኣብኡ እ ዩ ኸኣ ከም ናትና ሊቀ ካህን ኮይኑ ዘገልግለና።



ቅድሚ ሞት ኢየሱስ፡ ንሕድገት ሓጢኣት ተባሂሉ ኣብ ቤት መቕደስ እንስ ሳ ይሰዋእ ነይሩ። ኣብ ውሽጢ ቤት መቕደስ ነቲ ቅድስተ ቅዱሳን ካብቲ ካልእ ክፍሊ ዝፈሊ ዓብይ መጋረጃ ነበረ። ተራ ሰብ ካብታ መጋረጃ ንውሽጢ ክኣቱ ኣ ይፍቀደሉን ነበረ። እታ መጋረጃ ንሰብ ካብ ኣምላኽ እትፈሊ እያ ነይራ። እቲ ሊቀ ካህን ጥራይ እዩ ንሓጢኣት ናይ እስ ራኤል ይቕሬታ ክሓትት ናብታ ውሽጢ ክኣቱ ዝኽእል ዝነበረ። ብግቡእ ምስ ነጽሀ እቲ ሊቀ ካህናት ጥራይ እዩ ክኣቱ ዝ ፍቀደሉ ዝነበረ።

እቲ ሊቀ ካህን ኣብ ቅድስተ ቅዱ ሳን ኣብ ቅድሚ ኣምላኽን ታቦትን ይቐውም ነበረ። እቶም ሰባት፡ እቲ ሊቀ ካህን ምናልባት ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ እንተ ሞተ፡ ናብ ውሽጢ ከይኣተው ከውጽዎ ምእንቲ ክኽእሉ ኣብ እግሩ ገመድ ይኣስ ሩሉ ከም ዝነበሩ፡ ኣይሁዳውያን ናይ ታሪኽ ተመራመርቲ ይነግሩ።

ጐይታና ኢየሱስ ኣብ መስቀል ምስ ሞተ፡ መጋረጃ ቤት መቕደስ ካብ ላዕሊ ክሳዕ ታሕቲ ኣብ ክልተ ከም ዝ ተተርተረ፡ ኣብ ማር፡15፡38 ተጻሒፉልና ኣ ሎ። ብደም ኢየሱስ ክርስቶስ ብምልኣት ናብኡ ምእታው ከም ዝተኻእለ ክርኢ፡ እግዚኣብሄር ነቲ ከልካሊ መጋረጃ ከፈቶ።

ካብቲ ጊዜ'ቲ ጀሚሩ፡ እግዚኣ ብሄር ንነፍሲ ወከፍና ምስኡ ክንራኸብ መ ሰል ሂቡና። ሎሚ ምስ እግዚኣብሄር ዘራኽበና ማእከላይ ጐይታና መድሓኒና ኢ የሱስ ክርስቶስ እዩ። ሕጂ ምሕረት ምእን ቲ ክንቅበል፡ ብጊዜ ጸበባውን ንረድኤ ትና ዝኸውን ጸጋ ክንረክብ ብትብዓት ናብ ዙፋን ጸጋ ክንቀርብ ንኽእል ኢ ና። ምኽንያቱ ኢየሱስ ከም ዝከኣል ገርዎ እ ዩ።

ክንደይ ዓብይ ጸጋ! ኢየሱስ ኣብ ክንዲ ህይወትና ስለ ዝተሰቕለን ዝ ሞተን ዝተንስኤን፡ ናብ ኣምላኽ ክንቀርብ ክኢልና። ሎሚ፡ ምሸት ቅድሚ ኣብ ዓ ራትካ ምግምሳስካ ብጸሎት ናብ ቅድሚ ኣ ምላኽ ክትቀርብ ይግብኣካ።

ጸሎትና ኣብ ምምላስ፣ ናይ እግዚኣብሄር ሓይሊ፣ በቲ ዘይሓጥእ ቅዱስ ባህሪኡ ይድረት እዩ።

ዕላማ ናይ ስም ኢየሱስ

እንታይ እዩ ዕላማ ስም ኢየሱስ? ነዛ ሕቶ እዚኣ ባዕሉ ጎይታና ኣብ ዮሃ፡16፡24 መሊስዋ ኣሎ "... ሓጎስኩም ምሉእ ምእንቲ ክኸውን ለምኑ ክትረክቡ ድማ ኢኹም"። ንህይወትካ በቲ ብእኡ ዝ ርከብ ሓጎስ ክመልእ ይደሊ እዩ። ብእም ነት ንስሙ ጸዊዕና ዝኾነ ነገር ክንሓቶ ክ ለና፣ ባህ እዩ ዝብሎ።

ሓደ ክርስትያን እምነት ሃልይዎ ጸሩን ሓልዮቱን ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ የ ቕርብ እንተልዩ ክምዚ ዝስዕብ ይብል ኣ ሎ ማለት እዩ፣ "ጐይታ ኢየሱስ ከም እተፍቅረንን ጸገመይ ከም እትርድኣለይን ይፈልጥ እየ"። ብስሙ ምጽላይና ኣብ ባህሪኡ ዘለና ምትእምማን እዩ ዝገልጽ።

ንምጽላይ ኣይትሰልክዩ። ብሕቶታት ኩም ንእግዚኣብሄር እተሸግርዎ ኣይምሰልኩም። ብስም ኢየሱስ ክትጽሊ ከ ለኻ ሓይሊ ኣምላኽ ኣብኻ ክሰርሕ ትፈቅድ ኣለኻ ማለት እዩ።

መጽሓፍ ቅዱስ ኣብ ያዕ፡4፡2 "ስለ ዘይለመንኩም የብልኩምን" ከም ዝብል ዘክር፣ ብስም ኢየሱስ ምጽላይ ጀምር እን ታይ ከም ዝኸውን ከኣ ርአ። ብስሙ ክትጽሊ ከለኻ ንሓይሉ ክንቀሳቐስ ትሓትት ከም ዘለኻ ዘክር።

ትርጉም

✍ ኣምላኽ ምሳና እዩ

ብስሙ ክትጽሊ ከለኻ ንሓይሉ ክንቀሳቐስ ትሓትት ከም ዘለኻ ዘክር።



MBY printing press